# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 2ይ ክፍሊ



# መፅሓፍ ተምሃራይ

# ነዚ መፅሓፍ ግቡእ ዝኾነ ክንክንን ኣተሓሕዛን ይግበረሉ።

እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍቲን ቤት ትምህርትኹም ስለ ዝኾነ ንኽይበላሾ፣ ንኽይቕደድን ንኽይጠፍእን ግቡእ ኣተሓሕዛ ግበሩሉ።

ተምሃሮ እዚ መፅሓፍ እዚ ንስኻትኩም ምስተምሃርኩምሉ ኣገልግሎቱ ዘብቅዕን ዝድርበን እንተይኮነስ ኣሰርኩም ተኸቲሎም ዝመፁ ተምሃሮ እውን ክመሃሩሉን ክጥቀሙሉን ስለዝግባእ፣ ኣገባብ ኣተሓሕዛ መፅሓፍ ድማ ካባኻትኩም ክመሃሩ ስለዘለዎምን እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ክተስተውዕሉን ክትትግብሩን ይግባእ።

- ነዚ መፅሓፍ ምሽፋን
- ኩሉግዜ ናብ ቤት ትምህርቲ መፅሓፍ ሒዝኩም ምምፃእ፣
- ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ እዚ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ምልክት ወይ ፅሑፍ ዘይምግባርን ዘይምፅሓፍን፣
- ካብዚ መፅሓፍ ዝኾነ ገፅ ዘይምቕዳድ፣
- እናተቐባበልኩም እንትትሰርሑ ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር፣
- ኣብ ቦርሳ ይኹን ኣብ ኢድኩም እንትትሕዙ ከይቕደድን ከይዕፀፍን ምጥንቃቕ።

# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 2ይ ክፍሊ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

መዳለዊ፦ ዳይሬክቶሬት ምድላውን ትግበራን
ስርዓተ ትምህርቲ

ኤዲተራትኣብ 2004ዓ.ም፦ ኣስመላሽ ባራኺ
ሰለሞን በየነ
ጠዓመ ገብሩ
መመሓየሽቲ ኣብ 2011ዓ.ም፦ፀጋይ ገ/ሂር
ኣስመላሽ ባራኺ
ገ/ሂወት ሲራክ
ተፈራ ሓድጉ

ግንቦት 2011 ዓ/ም

© መሰል ህትመት ብቢሮ ትምህርቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ
ትግራይ ሕልው እዩ።

ቀዳማይ ሕታም 2004 ዓ/ም
ተመሓይሹ ዝተሓተመሉ 2011 ዓ/ም

# ሰደቓ ትሕዝቶ

**ርእሲ** **ገፅ**


**ምዕራፍ ሓደ**.......................................... 1

**ንሕና**.............................................. 1

**ምዕራፍ ክልተ**.......................................25

**ማሕበረሰብና** ....................................25

**ምዕራፍ ሰለስተ**....................................45

**ተፈጥሮኣዊ ከባቢና** ..............................45

**ምዕራፍ ኣርባዕተ** .................................77

**ወረዳና** ............................................77

# ምዕራፍ ሓደ

# ንሕና

## 1.1 እንምገቦ ምግቢ

### 1.1.1 ረብሓ ምግቢ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ረብሓ ምግቢ ትገልፁ።
- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ልሙዳት ምግቢ ትፀርሑ።
- ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ብተግባር ተርእዩ።
- ካብ ተኽልን እንስሳን ዝርከቡ ምግብታት ትፈልዩ።
- ካብ ተኽልታትን እንስሳትን ዝርከቡ ምግብታት ኣብነት ትህቡ።

| |
|---|
| **ንጥፈት 1.1፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ። <br> 1. ሰብ ንኽነብር እንታይ የድልዮ? <br> 2. ረብሓታት ምግቢ እንታይ እንታይ እዮም? |

ምግቢ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዉዎ። ንሳቶም'ውን፡-

- ንህንፀት ሰውነት፣
- ንምርካብ ጉልበትን
- ንምሕላው ጥዕናናን እዮም።


| |
|---|
| **ንጥፈት 1. 2፦** ተምሃሮ ረብሓ ምግቢ ንወለድኹም ሓቲትኩም ዝረኸብኩምዎ ሓበሬታ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ። |

## ሃነፅቲ ምግብታት

**ንጥፈት** 1.3፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያይጥኩም ርካብኩም ንኽፍልኩም ኣቕርቡ።

1. **ጥቕሚ** ሃነፅቲ ምግብታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ሃነፅቲ ምግብታት ካብ ምንታይ ይርከቡ?

ንህንፀት ሰውነት ዝጠቕሙ ዓይነታት ምግቢ ሃነፅቲ ምግቢ ይበሃሉ። ሃነፅቲ ምግብታት ካብ እንስሳትን ተኽልታትን ይርከቡ። ሃነፅቲ ምግብታት ዝበሃሉ ከም ስጋ፣ ፀባ፣ እንቁላሊሕ፣ ዓተርን ብርስን ዝበሉ እዮም። ሃነፅቲ ምግብታት ንዕቤት ሰውነት ይጠቕሙ።



*ስእሊ 1.1 ሃነፅቲ ምግብታት*

## ወሃብቲ ጉልበት

**ንጥፈት** 1.4፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ሰሪሕኩም ንመምህርኩም ኣቕርቡ።

1. ዝኾነ ስራሕ ንምስራሕ እንታይ የድሊ ?
2. ጉልበት ካብ ምንታይ ይርከብ?
3. ጉልበት ዝህቡ ምግብታት እንታይን እንታይን እዮም?

ወሃብቲ ጉልበት ምግብታት ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል ጉልበት ክንረክብ ዝገብሩ እዮም።

ጉልበት ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ይርከብ።

ኣብነት፡- ድንሽ፣ ቃንጫ ሽኮር፣ ዕፉን፣ ስርናይ፣ ጣፍ፣ ፓስታ፣ መኮሮኒ፣ ጠስምን ዘይትን ዝበሉ እዮም።





*ስእሊ 1.2 ውሃብቲ ጉልበት ምግብታት*

## ምሕላው ጥዕና

**ንጥፈት** 1.5፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ።

1. ሰውነትና ካብ ሕማም ዝከላኸሉ ምግብታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ጥዕናና ንምሕላው ዝጠቕሙ ምግብታት ካብ ምንታይ ይርከቡ?

ሰውነትና ብሕማም ከይጥቃዕ ዝከላኸልሉ ዓይነታት ምግቢ ሕማም ተኸላኸልቲ ይበሃሉ። ጥዕናና ንምሕላው ካብ ዝጠቕሙ ምግብታት እቶም ቀንዲ ኣሕምልትን ፍረምረን እዮም።



*ስእሊ 1.3 ሕማም ተኸላኸልቲ ምግብታት*

**ንጥፈት 1.6፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ።

1. መግለፂ እኹል ምግቢ ዝረኸቡ ህፃናት እንታይ እንታይ እዮም?
2. መግለፂ እኹል ምግቢ ዘይረኸቡ ህፃናት ከ እንታይ ይኾኑ?

እኹል ሃናፂ ምግቢ ዝምገብ ህፃን ሰውነቱ ዱልዱል፣ ሕጉስን ተፃዋትን እዩ። እኹል ሃናፂ ምግቢ ዘይረክብ ህፃን ድማ ብቐሊሉ ንሕማም ዝተቓልዐን ዘይሕጉስን እዩ።



*ስእሊ 1.4 እኹል ሃናፂ ምግቢ ዝረክብ ህፃን*



*ስእሊ 1.5 እኹል ሃናፂ ምግቢ ዘይረክብ ህፃን*

## 1.1.2 ልሙዳት ምግቢ

**ንጥፈት** 1.7፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዓበይቲ ሓቲትኩም መልስኩም ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

1. ልሙዳት ምግቢ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም ዝተለመዱን እትፈልጥዎምን ልሙዳት ምግቢ እንታይ እዮም?

ልሙድ ምግቢ ማለት ኩሉግዜ እንምገቦ ምግቢ ማለት እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኸባቢ ዝነብሩ ሰባት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ይምገቡ።

ኣብነት፡- ሓድሓዲኦም ሕምባሻ፣ ቅጫ፣ እንጀራ ምስ ፀብሒ ሽሮን ብርስንን ካልኦት ድማ እንጀራ ምስ ፀብሒ ስጋን ተኽልታትን ዝመሳሰሉ ይምገቡ።

## 1.1.3 ፍልፍላት ምግቢ

**ንጥፈት** 1. 8፦ ንዚ ሕቶ ብውልቀ ሓፂር መልሲ ሃቡ።

እንምገቦም ምግብታት ካብ ምንታይ ንረኽቦም?

ሰባት ምግቦም ካብ እንስሳትን ተኽልታትንይረኽቡ።

ካብ እንስሳት ዝርከቡ ዓይነታት ምግቢ ስጋ፣ እንቑላሊሕ፣ ፀባን ውፅኢት ፀባን እዮም። ርጉኦ፣ ኣጅቦን ጠስሚን ድማ ውፅኢት ፀባ እዮም።

ካብ ተኽልታት ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ድማ እኽሊ፣ ጥረምረ፣ ኣሕምልትን ፍረምረን ዝመሳሰሉ እዮም።

**ንጥፈት 1.9፦** ንዞም ሕቶታት ብጉጅለ ሓቢር መልሲ ሃቡ።

1. ጥረምረ ዝበሃሉ ዓይነታት ምግቢ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ፍረምረ ዝበሃሉ ዓይነታት ምግቢ እንታይ እንታይ እዮም?
3. ዓይነታት ምግቢ ኣሕምልቲ እንታይ እንታይ እዮም?
4. ጥረምረ፣ ኣሕምልትን ፍረምረን ብኣካል ንክፍሊ ኣቕርቡ?



## 1.1.4 ስርዓት ኣመጋግባ


**ንጥፈት** 1.10፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተዋስኡ ሰሪሕኩም ኣርእዩ።

1. ቅድሚ ምምጋብና እንታይ ክንገብር ኣለና?
2. ስርዓት ኣመጋግባ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
3. ኣብ እዋን ምምጋብ ክትግበሩ ዝግበኦም ስርዓት ኣመጋግባታት እንታይ እንታይ እዮም?

ስርዓት ኣመጋግባ ከከምባህሉ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ እንተዀነውን ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ዝበሃሉ፡-

- ቅድሚ ምግቢ ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ምሕፃብ፣
- ንፁህ መመገቢ ኣቑሑ ምድላው፣
- ፅሩይ ዝስተ ማይ ኣቕሪብካ ምድላው፣
- ምግቢ እንትቐርብ ብስርዓት ምቕማጥ፣
- ህድእ ኢልካ ብስርዓት ምምጋብ፣
- እናተመገብካ ዘይምዝራብ፣
- ምግቢ ክሳብ ዝደቅቕ ምሕያኽ፣
- ንኻልኦት ሰባት ቐዳምነት ምሃብ፣
- ካብ ዓቐን ንላዕሊ ዘይምብላዕ፣
- ድሕሪ ምግቢ ኣእዳውና ብማይን ሳሙናን ምሕፃብ፣
- ድሕሪ ምግቢ ኣፍና ብፅሩይ ማይ ምጉፅጓፅ፣
- መመገቢ ኣቑሑ ሓፂብካን ኣድሪቕካን ናብ ቦቶኦም ምምላስ፣ ወዘተ እዮም።

**ንጥፈት 1.11፦** ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ኣብ ስድራ እንታይ ይፈጥር?



*ስእሊ 1.7 ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ*

ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ምኽታልን ንኻልኦት ምግቢ ምክፋልን ኣብ መንጎ ስድራ ዘሎ ርክብ የጠናኽር።

# 1.2 ሙሉእ ጥዕና

## 1.2.1 ጥዕና እንታይ እዩ?

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ጥዕና ኣካላውን ማሕበራውን ድሕንነት ምዃኑ ትገልፁ።
- ረብሓ ጥዕና ትገልፁ።
- ኣብ መንጎ ዘይሓመመን ዝሓመመን ሰብ ዘሎ ኣፈላላይ ተነፃፅሩ።
- ዝሓመሙ ሰባት ምሕጋዝ ዝህቦ ረብሓ ትገልፁ።
- ውሱናት ምልክታት ሕማምት ገልፁ።
- ምልክታት ሕማም ንኻልኦት ንዝገልፁ ሰባት ተድንቑን ተተባብዑን።

**ንጥፈት** 1.12፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. **ጥዕና ማለት እንታይ ማለት እዩ?**
2. **ሓደ ሰብ ጥዑይ እዩ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?**
3. **ጥዕነኦም ሕልው ኣብ ዝኾኑ ሰባት እንታይ ዓይነት ፀባይ ይረአ?**

**ጥዕና ማለት ዘይምሕማም፣ ደሓንን ሕጉስን ምኻን ማለት እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ኣካሉን ኣእምርኡን ምንም ሕማም ዘይብሉ እንተኾይኑ ጥዑይ ይበሃል። ጥዑይ ሰብ ሕጉስን ንባዕሉ ፅቡቕ ስምዒት ዝስመዖን እዩ።**

## 1.2.2 ረብሓ ሙሉእ ጥዕና

**ንጥፈት** 1.13፦ ዘሐጉሰኩምን ዘኾርየኩምን ነገራት ብዝርዝር ግለፁ።

1. **ጥዑይ ምኻን ንምንታይ ይጠቅም?**
2. **ንጉዱኣት ኣካል እንታይ ክንገብር ይግባእ?**
3. **ኣብ ማሓዙትና ሓይሊ ምጥቃም ዘብፀሖ ፀገም እንታይ ይምስለኩም?**

**ሙሉእ ጥዕና ዘለዎሰብ፦**

- **ትምህርቱ ብግቡእ ይከታተል፣**
- **ስራሕቱ በግቡእ ይሰርሕ፣**
- **ሕጉስንንጡፍንእዩ።**
- **ምስ መሓዙቱን ካልኦትን ተረዳዲኡ ብሰላም ይነብር።**
- **ሕጉስንምስመሓዙቱፅቡቕረኽብንይህልዎ።**

- ጉዱእ ኣካል ምዃን ሕማም ዘይኮነስ ብተፈጥሮን ብሓደጋን ዝኸሰት ምዃኑ ተረዲኡ ንጉዱኣት ኣካል ይሕግዝ

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.14፡ ንሰባት ልዕሊ ኹሉ ዘሐጉሶምን ዘሕዝኖምን እንታይ እዩ? |

ንሰባት ዘሐጉሶምን ዘሕዝኖምን ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ዘሐጉሶም ጥዕነኦም ዝተሓለወ እንትኾን፤ ስርሖም ብእዋኑ እንትሰርሑን ስጡም ማሕበራዊ ርክብ እንትህልዎምን እዩ። ዘሕዝኖም ድማ ጥዕና እንትስእኑ እዩ።

ጉድኣት ኣካል ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕን ክመፅእ ይኽእል እዩ። ንጉዱኣት ኣካላትን ዝሓመሙ ሰባትን ፍሉይ ክብርን ሓገዝን ክንገብረሎም ይግባእ።

ኣብነት፡- መንገዲ ምሕባር፣ ዝሓዝዎ ሸኸሚ ምሕጋዝ፣ ክብሪ ምሃብ ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## 1.2.3 ምንፅፃር ዘይሓመመን ዝሓመመን ሰብ

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.15፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ። |
| 1. ካብ ስድራኹም ሰብ ሓሚሙዶ ይፈልጥ ? |
| 2. ሰብ ዘይሓመመን ዝሓመመን ምዃኑ ብኸመይ ንፈልጦ? |
| 3. ንዝሓመመ ሰብ እንታይ ክንገብር ትፅቢት ይግበር? |
| 4. ሰብ እንተሓምም ዘርእዮም ፀባያት እንታይ እዮም? |
| 5. ንሕሙማት ከመይ ንሕብሕቦም? |

ዘይሓመመን ዝሓመመን ሰብ በዞም ዝስዕቡ ባህርያት ምፍላይ ይከኣል።

| ጥዕንኡ ዝተሓለወ ሰብ | ዝሓመመ ሰብ |
|---|---|
| 1. ሕጉስ ይኸውን | 1. ሕጉስ ኣይኮነን |
| 2. ጥንኩርን ንቑሕን እዩ | 2. ድኹምን ፈዛዝን እዩ |
| 3. ስራሕን ፀዋታን ይፈቱ | 3. ድቃስ የብዝሕ |
| 4. ትምህርቱ ይከታተል | 4. ትምህርቱ የቡኩር |



*ስእሊ 1.8 ዘይሓመመ ሰብ* *ስእሊ 1.9 ዝሓመመ ሰብ*

ዘይሓመመ ሰብ ይስሕቕ፣ ይፃወት፣ ይሰርሕ ወዘተ።

ዝሓመመ ሰብ ድማ ይናደድ፣ ይሓዝን፣ ኣይፃወትን።

ዝሓመሙ ሰባት ኣሕዋትና፣ ኣሓትና፣ ወለድና፣ ጎረባብትና ወዘተ. ክኾኑ ይኽእሉ። ንሕሙማት ምሕጋዝን ምሕብሓብን መርኣያ

ፅቡቕ ስነ ምግባር እዩ። ስለዝኾነ ንሕሙማት በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ክንሕግዞምን ክንሕብሕቦምን ይግበኣና።

- ናብ ሕክምና ብእዋኑ ምውሳድ፣
- ዝብላዕን ዝስተን ምቕራብ፣
- ዝተኣዘዘሎም መድሓኒት ብእዋኑ ክወስዱ ምሕጋዝ፣
- ዝድቅስሉ፣ ዝኸደንዎን ዝነብሩሉ ገዛን ብምፅራይ፣ ወዘተ. ኣቢልካ ምሕጋዝን ምሕብሓብን ይግባእ።

## 1.2.4 ምልክታት ሕማም

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.16፦ ዝሓመመ ሰብ ዘርእዮም ምልክታትዘርዝሩ። |

ዝሓመመ ሰብ ዘርእዮምምልክታት፦

- ምውሳኽ ሙቐት ሰውነት፣
- ምስዓል፣ ውፅኣት ወይ ተቕማጥ ይህልዎ፣
- ምንቅጥቃጥ፣ ተምላስ፣ ምንካይ ድሌት ምግቢ፣
- ሕማም ርእሲ፣ ቁሪቁሩ፣ ወዘተ፣ እዮም።

ስለዚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማም ዝተፈላለዩ ምልክታት ኣለውዎም።

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.17፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብተዋስኦ ንኽፍልኩም ኣቅርቡ። <br> 1. ካልኦት እትፈልጥዎም ምልክታት ሕማም ተዛረቡ። <br> 2. እትትሓምም ምሕማምካ ዘይምዝራብ እንታይ ሳዕቤን ይህልዎ? <br> 3. ዘይሓመመን ዝሓመመን ሰብ ብመልክዕ ተዋስኦ ኣርእዩ። |

ካብ ዝቕፅል ስእሊ እንታይ ትርድኡ?





*ስእሊ 1.10 ዝሓመመ ሰብ ናብ ሕክምና እናተወሰደ*

*ስእሊ 1.11ዝሓመመ ሰብ መርፍእ እንትውግአ*

## 1.2.5 ሕማም እንትስመዐና እንታይ ክንገብር ይግባእ?

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.18፦ ሕማም እንትስምዐና ንመን ክነግር ይግባእ? |

**ሕማም እንትስመዐና ቀልጢፍና ንኻልኦት ሰባት ክንዛረብ ኣለና። ብፍላይ ትኹረት ዘድልዮም ሕማማት ከም ውፅኣት፣ ረስኒ፣ ምንቅጥቃጥ፣ ምንካይ ድሌት ምግቢ፣ ተምላስ ዝበሉ ቅልጡፍ ሕክምና ስለዘድልዮም ምሳና ንዘለዉ ሰባት ብምዝራብ ናብ ጣብያ ጥዕና ከይድና ክንምርመር ኣገዳሲ እዩ።**

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.19፦ ካብ ጉጅለኹም ሓደ ዶክተር ምረፁ። ካልኦትኩም ድማ ከም ሕሙምን ደገፍትን ኮይንኩም ዶክተር ምርመራ እንተካይድ ዘርኢ ተዋስኦ ንክፍልኹም ኣቕርቡ። |

# መልመዲ1.1

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾነ<u>ሓቂ</u> ትኽክል ንዘይኮነ ድማ <u>ጌጋ</u> ብምባል መልሱ።

1. ሕማም እንትስመዐና ንሰባት ክነግር የብልናን።
2. ዝሓመመን ዘይሓመመን ሰብ ስምዒቶም ሓደ ዓይነትእዩ።
3. ምሕብሓብ ጉድኣት ኣካላት መግለፂ ፅቡቕ ስነምግባርእዩ።
3. ዝሓመመ ካብ ኩሉ ሰብ ዘሐሸ ማሕበራዊ ህይወት ኣለዎ።
4. ዝኾነ ምንቅስቓስ ንምግባር ሙልእ ጥዕና የድሊ፥

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ።

1. ባህሪ ሙሉእ ጥዕና ዝለዎ ሰብ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ጥንኩርን ንቑሕን ምዃን ለ. ድኹምን ፈዛዝን ምዃን

ሐ. ሕጉስ ምዃን መ. ትምህርቲ ብጉቡእ ምክትታል

2. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ምልክት ሕማም እዩ።

ሀ. ምሻን ሽንቲ ለ. ምዝራብ

ሐ. ምስዓል መ. ምፅዋት

3. ንዓይነ ስውራን ክንገብሮ ዝግባእ ሓገዝ እንታይ እዩ?

ሀ. መንገዲ መኪና እንተቋርፁ ምሕጋዝ

ለ. ካብ ማሕበራዊ ህይወት ምግላል

ሐ. ከይንቀሳቐሱ ምግባር

መ. ምንም ሓገዝ ዘይምግባር

4. ባህሪ ሕሙም ሰብ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ፈዛዝን ድኹምን ምዃን ሐ. ምብዛሕ ድቃስ

ለ. ዘይምሕንስ መ. ትምህርቲ ብንቕሓት ምክትታል

## 1.3. ምሕላው ውልቀ ፅሬት

### 1. 3.1 ውልቀ ፅሬት እንታይ እዩ?

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ረብሓውልቀፅርየትትገልፁ።
- ብጉድለትፅሬትዝመፁሕማማትትፅውዑ።
- ግቡእዝኾነውልቀፅሬት ተርእዩ።
- ኤችኣይቪ /ኤድስ/ ብምንኽኻእ ደም ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ምዃኑ ተብራህርሑ።

**ንጥፈት** 1.20፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ውልቀ ፅርየት እንታይ ማለት እዩ?
2. ምሕላው ውልቀ ፅሬት ረብሕኡ እንታይ እዩ?
3. ኣብ ምድላው ምግቢ ክንገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐ እንታ እዩ?
4. ሳዕቤን ዘይምሕላው ውልቀ ፅሬት እንታይ እዩ?
5. ሳዕቤን ዘይምሕላው ውልቀ ፅሬት ንኻልኦት ዘሕድሮ ፅዕንቶ እንታይ እዩ?

ምሕላው ውልቀ ፅሬት ማለት መላእ ኣካልና፣ ክዳንና፣ ምግብናን ከባቢናን ብፅሬት ምሓዝ እዩ። ውልቀ ፅሬትካንፅሬት ከባቢኻን ብምሕላው ሕማማት ምክልኻል ይከኣል። ፅሬትና ብዘይምሕላውና፡-

- ሰውነትና ሕማቕ ጨና ክህልዎ ይገብር፣
- ምስ ካልኦት ሰባት ተቐራሪብካ ምስራሕ ይንኪ፣
- ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዕ፣

- ዝተፈላለዩ ባልዓት ኣብ ፀጉርናን ክዳናን ክፍጠሩ ምኽንያት ይኾውን።ስለዚ ምሕላው ውልቀ ፅሬት መሰረት ጥዕና እዩ።

## 1.3.2 ብጉድለት ፅሬት ዝመፁ ሕማማት፦

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.21፦ ብጉድለት ፅሬት ዝመፁ ሕማማት እንታይ እንታይ እዮም? |

ብጉድለት ፅሬት ዝመፁ ሕማማት ከም ዓበቕ፣ ጎንደራን ትራኮማን ዘበሉ እዮም። እዞም ሕማማት ግቡእ ውልቀ ፅሬት ብዘይምሕላው ዝመፁ እንትኾኑ ምልክቶም ድማ

ዓበቕ፦ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ኣእዳውን ኣእጋርን ዝወፅእ ኮይኑ የሕክኽን መግሊ ዘለዎን እዩ።

ጎንደራ፦ ምልክቱ ቁርፀት፣ ዕውልውልን ተሎተሎ ምጥማይን እዮም።

ትራኮማ፦ ምስሓይ ዓይኒ ይህልዎ። ብእዋኑእንተዘይተሓኪምና ምዕዋር ዓይኒ የስዕብ።

## 1.3.3 ምትግባር ውልቀ ፅሬት

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.22፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቕ ሰሪሕኩም ንክፍልኩም ኣቕርቡ።<br>1. ውልቀ ፅሬት ከመይ ንሕሉ?<br>2. ረብሓ ውልቀ ፅሬት ንምንታይ ይጠቅም? |

ውልቀ ፅሬት በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ምሕላው ይከኣል።

ንሳቶም'ውን፦

**ሀ. ምሕፃብ ሰውነት፦** ሰውነትና እንተወሓደ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዘ ክንሕፀብ ኣለና። ሰውነትና እንሕፀበሉ ማይ'ውን ፅሩይ ክኸውን ይግባእ። ተሓፂብና እንኽደኖ ኽዳን'ውን ፅሩይ ክኸውን ኣለዎ።



*ስእሊ 1.12 ህፃን ሰውነቱ እንትሕፀብ*

## ሀ. ምፅራይ ስኒ

**ንጥፈት** 1.23፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ፅሬት ስንኹም ከመይ ትሕልዉ?
2. ፅሬት ስኒ ዘይምሕላው ሳዕቤኑ እንታይ እዩ?
3. ስንኹም መኣዝ መኣዝ ተፅርዩ?

ስንና ኩሉ ግዘ ክነፅሪ ይግባእ። ፅሬት ስኑ ዘይሕሉ ሰብ ኣፉ ይጨኑ። ኣስናኑ እውን ብሕማም ይጥቀዑ። ናይ'ዚ ምኽንያት ድማ ኣብ መንጎ ኣስናኑ ተሰኪዑ ዝተርፍ ምግቢ እዩ።
ስለዚ ፅሬት ስንና ንምሕላው ንጉሆ ካብ ምድቃስና ምስተልዓልናን ድሕሪ ምግብን ብዝግባእ ምፅራይ የድሊ።



*ስእሊ 1.13 ህፃናት ስኖም እንተፅርዩ*

## ሐ. ክዳንና ብፅሬት ምሓዝ


| |
|---|
| **ንጥፈት** 1. 24፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ መልሲ ሃቡ። |
| 1. ክዳውንትና ብፅሬት ምሓዝ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? |
| 2. ዝተሓፀበ ክዳን ኣብ ምንታይን ከመይን ይቕመጥ? |

ክዳውንቲ እንብሎም ለይትን ቀትርን እንኽደኖም ከም ቀምሽ፣ ነፀላ፣ ስረ፣ ጁባ፣ ሸሚዝ፣ ኣንሶላ፣ ኮበርታ፣ ካልስን ሳእንን የጠቓልል።እዞም ክዳውንቲ እዚኦም ብፅሬት ክተሓዙ ኣለዎም። ክዳንና ብፅሬት እንተዘይተታሒዙ ባልዕ ይፈጥር። ባልዓት ድማ ነብስና ክንሓክኽን ንኻልእ ሕማም ክንቃላዕን ይገብሩ።



*ስእሊ 1.14 ተምሃሮ ክዳኖም እንትሓፅቡ*

**ክዳን ምስተሓፀበ ግቡእ መቐመጢ ክህልዎ ይግባእ። ስለዚ ዝረስሐ ክዳን ብእዋኑ ተሓፂቡ ምስነቐፀ ብግቡእ ተዓፂፉ ወይ ተስታሪሩ ኣብ ሳንዱቕ ወይ ኣርማድዮ ክቕመጥ ኣለዎ።**







*ስእሊ 1.15 ኣርማድዮ ስእሊ 1.16 መቐመጢ ሳእኒ ስእሊ 1.17 ሳንዱቕ*

## መ. ምሕላው ፅሬት ካበቢ


**ንጥፈት** 1.25፦ ንዞም ዝስዕቡ ብቃል መልሲ ሃቡ።

1. ፅሬት መምህሪ ክፍልኹም ከመይ ትሕልዉ?
2. ምሕላው ፅሬት ከባቢ እንታይ ማለት እዩ?
3. ከባቢና ከይበላሾ እንታይ ክንገብር ይግባእ?

ከባቢ እንብሎ እንነብረሉ ቦታ፣ እንመሃረሉ ክፍልን ቤት ትምህርትን፣ እንፃወተሉ ቦታን የጠቓልል። እዚኦም ኩሎም ፅሬቶም ብዝግባእ ክሕሎ ኣለዎ።

ከባቢና እንተረሲሑ ብቐሊሉ ንሕማም ንቃላዕ። ፅሩይ ከባቢ ንጥዕና ወሳኒ እዩ። ኣብ ፅሩይ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ጥዕናኦም ዝተሓለወ እዩ።

ስለዚ ኣብ ምሕላው ፅሬት ከባቢ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ክሳተፍ ኣለዎ።



*ስእሊ 1.18 ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ፅሬት ከባቢ*

**ንጥፈት 1.26፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ እናተስኡ የንብቡ።

1. ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ዝተዓዘብኩምዎ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ?

## ረ. ምጥቃም ሽቓቕ

**ንጥፈት 1.27፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቃላዊ መልሲ ሃቡ።

1. ፍታን ኣበይ ንጥቀም?
2. ሽቓቕ ከመይ ክተሓዝ ይግባእ?

ከባቢኻ ብፅሬት ንምሕላው ሽቓቕ ምጥቃም ወሳኒ እዩ። ሰባት ፍታኖም ኣብ ዝኾነ ቦታ ክፍትኑ የብሎምን። ኣብ ገፀር ይኹን ከተማ ዝነብሩ ሰባት ሽቓቕ ክህልዎም ግድን እዩ።

እዚ ዝጥቀምሉ ሽቓቕ ድማ ፅሬቱ ዝሓለወ፣ ማይን መኽደንን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

ፅሬቱ ዘይሓለወ ሽቓቕ እንተኾይኑ ካብኡ እናተላዕሉ ናብ ምግብን ምግቢ ዝዳለወሉ'ም ኣቑሑ ዝዓርፉ ሃመማ ንጥዕናና ጎዳኢቲ ዝኾኑ ተህዋስያን ከምፅኡልና ይኽእሉ እዮም።

ስለዚ ሽቓቕ ምስተጠቀምና ማይ ምድፋእን ኣእዳውና ድማ ብሳሙናን ማይን ክንሕፀብ ይግባእ።

## ሰ. ምፍላይ መንበሪ ሰብን እንስሳን

**ንጥፈት 1.28፦** ምፍላይ መንበሪ ሰብን እንስሳን ንምንታይ ኣድልዩ?

ሰብን እንስሳን ኣብ ሓደ ገዛ ክነብሩ የብሎምን። ምኽንያቱ እንስሳት ዝተፈላለየ ዓይነታት ሕማም ከሕልፉልና ስለዝኽእሉ እዩ። ምፍላይ መንበሪ ሰብን እንስሳን ንጥዕና ጠቓሚ እዩ።

## ሸ. ምጉሓፍ ጓሓፍ

**ንጥፈት** 1.29፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ።

1. ጓሓፍ እንታይ እዩ?
2. ጓሓፍ ከመይ ይውገድ?

ጓሓፍ ካብ መንበሪ ገዛን ከባብን ዝእከብ ደረቕን ፈሳስን ርስሓት እዩ።



*ስእሊ 1.19 ንጥዕና ጠንቂ ዝኾነ ጓሓፍ እንትቃፀል*

ጓሓፍ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክጓሓፍ የብሉን። ምኽንያቱ ፅሬትናን ፅሬት ከባቢናን እንተዘይተሓልዩ ብቐሊሉንሕማም ስለንቃላዕን ንመንበሪ ምቹው ስለዘይኾንን እዩ። ስለዚ ጓሓፍ ብእዋኑ ክቃፀል ወይ ክቕበር ይግባእ።

### 1.3.3 ኤች ኣይቪ /ኤድስ/

| |
|---|
| **ንጥፈት** 1.30፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ። |
| 1. ኤች ኣይቪ /ኤድስ/ እንታይ እዩ? |
| 2. ኤች ኣይቪ /ኤድስ/ ብምንታይ ይመሓላለፍ? |
| 3. ሓደጋ በፂሕዎ ዝደመየ ሰብ እንተረኺብኩም እንታይ ትገብሩ? |

ኤድስ ብደም ይመሓላለፍ። ኤድስ ኣብ ሰውነትና ዘለው ሕማም ተኸላኸልቲ ዋህዮታት ዓቕሚ የዳኽም።ኤድስ ዝሓዞ ሰብ ብቐሊል ሕማም ክጥቃዕ ይኽእል።

ኤድስ ብደም ስለዝመሓላለፍ ሰብ ዝተጠቐመሎም ከም መርፍእ፣ ላማ፣ መቐስ፣ መወፅ፣ ስኒ ቡሩሽ ዝበሉ ክንጥቀም የብልናን።

ብተወሳኺ ናይ ዝኾነ ሰብ ቁስሊ፣ደምን ዝመሳሰሉ ክንነክእ የብልናን። ስለዚ ሕማም ኤድስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብደም ዝመሓላለፍን መድሓኒት ዘይተረኸበሉን ስለዝኾነ ክንጥንቀቕ ይግባእ።

## መልመዲ 1.2

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾነ <u>**ሓቂ**</u> ትኽክል ንዘይኮነ ድማ <u>**ጌጋ**</u> ብምባል መልሱ።

1. እንምገቦ ምግቢ ካብ እንስሳትን ተኽልታትን ይርከብ።
2. ዝሓመመ ሰብ ንቑሕን ንጡፍን እዩ።
3. ጥዕና ኣካላውን ኣእምራውን ድሕንነት እዩ።
4. ርግኦን ኣጅቦን ኣብ ተኽልታት ዝምደቡ ዓይነታት ምግቢ እዮም።

5. ዝኾነ ሕማም ብምትንኻፍ ደም ይመሓላለፍ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ።

1. መንቀሊኡ ጉድለት ፅሬት ዘይኮነ ሕማም ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኤች ኣይቪ /ኤድስ/ ለ. ዓበቕ

ሐ. ወስፋት መ. ትራኮማ

2. ምሕላው ጥዕና ኣድላይነትእንታይ እዩ?

ሀ. ሙሉእ ጥዕና ንክህልወካ

ለ. ንምክልኻል ተመሃላላፊ ሕማም

ሐ. ትምህርቲ ብግቡእ ንምክትታል

መ. ኩሎም መልሲ እዮም

3. ምኽንያት መተሓላለፊ ኤች ኣይቪ /ኤድስ/ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ሓቢርካ ምምጋብ ለ. ምትንኻፍ ደም

ሐ. ምኽዳን ረሳሕ ክዳን መ. ምስዕዓም

4. ካብዞም ዝስዕቡ ምልክት ሕማም ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምሕኻኽ ሰውነት ለ. ውፅኣት

ሐ. ረስኒ መ. ምስርናኽ

5. ኣብ ዓይነታት ምግቢ ጥረምረ ዘይምደብ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ካውሎ ለ. ሽምብራ ሐ. ዓተር መ. ኣዳጉራ

# ምዕራፍ ክልተ

# ማሕበረሰብና

## 2.1 ኣባላት ማሕበረሰብና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ዕድመ መሰረት ጌርኩም ማሕበረሰብኩም ትምድቡ።
- ንዓርስኹም ኣብቲ ማሕበረሰብ ኣባላት ምኻንኩም ትፈልዩ።
- ካብ መሰል ህፃናት ዝተወሰ ትገልፁ።
- መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝገሃሱ ኣብነታት ትህቡ።
- ሃለዋ መሰል ህፃናት ዝምልከት ሓሳባት ትህቡ።


### 2.1.1 ኣባላት ማሕበረሰብ

**ንጥፈት 2.1፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያይጥኩም መልስኩም ንመምህር ኣቕርቡ።

1. ማሕበረሰብ እንታይ ማለት እዩ?
2. ማሕበረሰብ መነ መን የጠቓልል?

ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ዝተፈላለየ ዖታን ዕድመን ዘለዎም ሰባት ኣባላት ማሕበረሰብ ይበሃሉ። ማሕበረሰብ ዕድመ መሰረት ብምግባር ህፃናት፣ ኣባፅሕ፣ መናእሰይን ሽማግለታትን ኢልካ ምምዳብ ይከኣል።

ስለዚ ህፃናት፣ ኣባፅሕ፣ መናእሰይን ሽማግለታትን ኣባላት ማሕበረሰብ እዮም።



(ሀ) ህፃን (ለ) ባፅሕ (ሐ) መንእሰይ (መ) ሽማግለ

*ስእሊ 2.1 ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዘለው ሰባት*

**ንጥፈት 2.2፦** ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት ስእሊ 2.1 መልሱ፣

1. ኣየናይ ፈደል ዝሓዘ ህፃን የመልክት?
2. ኣየናይ ፈደል ዝሓዘ ባፅሕ የመልክት?
3. ኣየናይ ፈደል ዝሓዘ መንእሰይ የመልክት?
4. ኣየናይ ፈደል ዝሓዘ ሽማግለ የመልክት?

### 2.1.2 ኣበየናይ ጉጅለ ማሕበረሰብ ንርከብ?

**ንጥፈት 2.3፦** ዕድመ መሰረት ገይርኩም በዝሐ ኣባላት ስድራኹም ኣብዚ ሰደቓ ኣቐምጡ።

| ስድራ ቤት | በዝሒ |
|---|---|
| ህፃናት | |
| ኣባፅሕ | |
| መናእሰይ | |
| ሽማግለታት | |

- **ህፃናት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብኩም ዝህልወኩም ግደ፡-**

**ንጥፈት 2.4፦** ህፃናት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ዘለኩም ግደ እንታይ እዩ?

ህፃናት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብኩም ዝህልወኩም ግደ ቀፂሎም ዘለዉ እዮም። ንሳቶም እውን፡-

- ንወለድኹም ብምልእኣኽ ትሕግዙ፣
- ዓቕምኹም ዝፈቕዶ ኣብ ልምዓት ትሳተፉ፣
- ኣብ ፅሬት ቤት ትምህርትኹምን ከባቢኹምን ትሳተፉ፣
- ትምህርትኹምብንቕሓት ትከታተሉ፣


- **መሰል ህፃናት፦**

**ንጥፈት 2.5፦** ካብ መሰል ህፃናት ዝተወሰኑ ፀውዑ።

መሰል ዝበሃል ክግበረልናን ክሕለወልናን ዝግባእ ነገር እዩ። እዙይ ድማ ብወለዲ፣ ብመንግስትን ብኻልኦት ሰባት ወይ ትካላትን ዝትግበር እዩ።

መሰል ህፃናት ዝበሃሉ፦

- መሰል ምምሃር ፣
- ካብ ዘድክምን ጎዳእን ስራሕ ነፃ ምኳን፣
- ምርካብ እኹል ምግቢ፣ መንበሪ ገዛን ክዳንን፣
- ምርካብ ፍቕርን ክንክንን፣
- ምርካብ ስምን ዜግነትን፣
- ምርካብ ግቡእ ሕክምና ዝበሉ መሰላት እዮም።



*ስእሊ 2.2 መሰል ህፃናት*

ተምሃሮ ካብ ስእሊ 2.2 እንታይ ተዓዚብኩም?

## • ምግሃስ መሰል ህፃናት

| |
|---|
| **ንጥፈት 2.6፦** ምግሃስ መሰል ህፃናት ካብ ዝኾኑ ዝተወሰኑ ዘርዝሩ። |

ኣብነታት ምግሃስመሰል ህፃናት ዝበሃሉ፡-

- ምውቃዕ፣ ምፅራፍ፣ ምድሃል፣ ልዕሊ ዓቕሚ ክሰርሑ ምግባር፦
- ከይመሃሩ ምግባር፣
- እኹል ምግብን ክዳንን ዘይምሃብ፣ ወዘተ እዮም።

**ንጥፈት 2.7፦** ነዚ ዛንታ ልቢ ኢልኩም ኣምቢብኩም ነቶም ሕቶታት መልሱ።

ኣብ ሓደ ጣብያ ሓደ ወላዲ ኣለዉ። እዞም ወላዲ ሓሙሽተ ቆልዑ ኣለዉዎም። ደቆም ናብ ትምህርቲ ኣይሰዱን። ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ስራሕ የስርሕዎም። እኹል ምግቢ፣ ክዳንን ሕክምናን ኣይረኽቡን። ኣብ ልዕሊ እዙይ ዕለታዊ ተግባር እዞም ወላዲ ቆልዑ ምውቃዕ፣ ምፅራፍ፣ ምድሃል እዩ።

ሕቶ፡-1. ካብቲ ፅሑፍ እንታይ ትርድኡ?

2. እንታይ እንታይ መሰላት ተጋሂሶም ትብሉ?

- **ሓለዋ መሰል ህፃናት**

**ንጥፈት 2.8፦** መሰል ህፃናት ብመንን ከመይን ክሕለዉ ይኽእል?

መሰል ህፃናት ክሕልዉ ካብ ዘለዎም ኣካላት ሓደ ወለዲ እዮም። ወለዲ ንህፃናት ዘድልይዎም ነገራት ናይ ምምላእ ግቡእ ኣለዎም። ኣብነት፡- ምግቢ፣ መፅለልን ክዳንን ምምላእ፣ ጥዕነኦም ምሕላው፣ ብግቡእ ክመሃሩንልዕሊ ዓቕሞም ከይሰርሑ ምግባርን ዝብሉ እዮም።

ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ፍቕርን ክንክንን ብምሃብ ህፃናት ብዘይኣፈላላይ ክመሃሩ ክገብር ኣለዎ።

መንግስቲ ብማሕበረሰብን ብዝተፈላለዩ ኣካላትን ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ምግሃስ መሰል ብምክትታል ቕልጡፍ ፍታሕ ክህብ ኣለዎ።

ስለዝኾነ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ምግሃስ መሰል ክከላኸሉ ይግባእ።

## 2.2 ምስ ማሕበረሰብ ምንባር

### 2.2.1 ምትላም ዕለታዊ ንጥፈታት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ዕለታዊ ንጥፈትኩም ምትላም ትለማመዱ።
- ብዓቕምኹም ክእለት ዓርሰ ምምራሕ ተርእዩ።
- ዕድመኹም ኣብ ዝምጥን ስራሕቲ ማሕበረሰብ ትሳተፉ።

**ንጥፈት** 2.9፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ።

1. ትልሚ እንታይ እዩ?
2. ትልሚ ንምንታይ የድሊ?

ትልሚ ሓደ ነገር ቅድሚ ምስራሕና ኣቐዲምና ሓሲብና እነውፅኦ ኣገባብ ኣሰራርሓ እዩ።

ረብሓታት ምድላው ትልሚ፡-

- ግዘ ብዝግባእ ክንጥቀም ይገብር፣
- ዝተዋደደ ስራሕቲ ክፍፀም የኽእል ፣
- ብኽነት ሃፍቲ ይቕንስ።

ስለዚ ኩሎም ስራሕትና ብትልሚ ክምርሑ ኣለዎም።

ትልሚ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክስራሕ ዝግባእ ስራሕ መሰረት ገይሩ ክዳሎ ይኽእል።

ኣብነት፡-

- እዋን ድቃስ፣
- ምግቢ ዝብለዐሉ እዋን(ቁርሲ፣ ምሳሕ፣ ጠዓሞትን ድራርን)፣

- እዋን መፅናዕ ትምህርቲ፣ እዋን ፀወታ፣እዋን ዕዮ ገዛን ምሕጋዝ ስድራን ዝበሉ እዩ።

ሕድሕድ ተምሃራይ ግዘኡ ብዝግባእ እንተተጠቒሙ ንኹሎም ንጥፈታት እኹል ግዜ ይህልዎ። ነዚ ድማ ሰደቓ ግዘ ምጥቃም የድሊ። ከም ኣብነት እዚ ዝስዕብ ሰደቓ ተመልከቱ።

| ሰዓት | ዓይነት ንጥፈት |
|---|---|
| 12:00-1:00 | መፅናዕቲ |
| 1፡00-1፡30 | ቁርሲ ምብላዕ |
| 1:30-1:45 | ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ |
| 2:00-6:15 | እዋን ትምህርቲ |
| 6፡15-8፡00 | ምሳሕ ይበልዑ |
| 8፡00-12፡00 | ስራሕ/መፅናዕቲ |
| 12፡00-2፡00 | ቴሌቪዥን/ሬድዮ ይከታተሉ |
| 2፡00-2፡30 | ድራር |
| 2፡30 | ድቃስ |

**ንጥፈት 2.10፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ መልሲ ሃቡ።

1. ካብዚ ሰደቓ እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ብመሰረት እቲ ኣብነት በብሰዓቱ ክትፍፅምዎም እትደልዩ ንጥፈታት ኣብ ወረቐት ተልሙ።
3. ትልምኹም ከመይ ከምትትግብሩንኽፍልኹም ኣቕርቡ።

### 2.2.2 ክእለት ዓርሰ ምምራሕ

**ንጥፈት** 2.11፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ዓርሰ ምምራሕ እንታይ ማለት እዩ?
2. ክዳንኩም መን ይኸድነኩም?
3. ገፅኩምን ሰውነትኩምን መን ይሓፅበኩም?
4. ግዜኹም ብኸመይ ትጥቀሙ?

ህፃናት ዓርሰ ምምራሕ ክኢሎም ዝበሃሉ፦

- ዓርሶም ኪኢሎም ክዳኖም እንትኸደኑን እንተውፅኡን
- ሰውነቶም ባዕሎም እንትሕፀቡ፣
- ግዚኦም ንመፅናዕቲ፣ ንፀወታ፣ ንትምህርትን ዕረፍትን ኢሎም ብምምቃል እንትጥቀሙን እዩ።

ስለዚ ዓርሰ ምምራሕ ዝበሃል ሓደ ሰብ ባዕሉ ንባዕሉ ክመርሕ ክኽእል ከሎ እዩ።

### 2.2.3 ኣብ ንጥፈታት ማሕበረሰብ ምስታፍ

**ንጥፈት** 2.12. ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ።

1. ንጥፈታትት ማሕበረሰብ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ኣብ ንጥፈታት ማሕበረሰብ ትሳተፉ'ዶ?
3. ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትኹም ተሓባቢርኩም እትሰርሕዎም ስራሕቲ ዘርዝሩ።

ንጥፈት ማሕበረሰብ ዝበሃል ማሕበረሰብ ዝሰርሕዎም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እዩ። ተምሃሮ ድማ ዕድሚኦምን ዓቕሞምን ኣብ ዝፈቕዶ ስራሕ ይሳተፉ።



*ስእሊ 2.3 ኣብ ፅሬት ቤት ትምህርቲ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ*

ንጥፈታት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ዝበሃሉ፡-

- ኣብ ፅሬት ቀፅሪ ቤት ትምህርትን ከባብን ብምስታፍ ሕማማት ይከላኸሉ፣
- ፈልስታት ብምትካልን ብምክንኻንን ሓመድን ማይን ክዕቀብ ይገብሩ ወዘተ።



*ስእሊ 2.4 ተሳትፎ ተምሃሮ ኣብ ምክንኻን ተኽሊ*

**ንጥፈት** 2.13፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት ስእሊ 2.4 መልሱ።

1. ካብ ስእሊ 2.4 እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ውፅኢት ትዕዝብትኹም ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

## 2.3 ድልየት ጉልበት ማሕብረሰብና ፣

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ጉልበት ንማሕበረሰብ ዝህቦ ረብሓ ትገልፁ።
- ፍልፍል ጉልበት ትፅውዑ።

### 2.3.1 ኣድላይነት ጉልበት

**ንጥፈት** 2.14፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቃል መልሲ ሃቡ።


1. ጉልበት እንታይ እዩ?
2. ጉልበት ንምንታይ ይጠቅም?

ጉልበት ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል ዓቕሚ እዩ።

ጉልበት ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንምስራሕ ይጠቕም።

ኣብነት፦

- እንጀራ ንምስንካትን ፀብሒ ንምስራሕን፣
- መኪና ንምንቅስቓስ፣
- ሙቐትን ብርሃንን ንምርካብ፣
- ሬድዮን ቴሌቪዥንን ንክሰርሓ፣
- ንምፅዋት፣ ንምምሃር፣ ንምፅናዕ ወዘተ ጉልበት የድሊ።



ስእሊ 2.5 ተምሃሮ ኩዕሶ እንትፃወቱ



ስእሊ 2.6 ሰባት ማሕረሻ እንትሰርሑ

## 2.3.2 ፍልፍል ጉልበት

**ንጥፈት 2.15፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ሓዊር መልሲ ሃቡ።

- ቴፕ፣ ቴሌቪዥን፣ ሬድዮን መኻኻን ጉልበት ካብ ምንታይ ይረኽቡ?
- ብርሃን ካብ ምንታይ ትረኽቡ?
- ኣብ ገዛኹም እንጀራ ብምንታይ ይስንከት?
- ህፃናት ክንቀሳቐሱ ዝሕግዞም ጉልበት ካበይ ይረኽቡ?
- ቁሪ እንትስመዐና ሙቐት ካብ ምንታይ ንረክብ?
- መኻይን ዘንቀሳቕስ ጉልበት ካብ ምንታይ ይርከብ?

ጉልበት ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ይርከብ።

ኣብነት፡- ካብ ምግቢ፣ ካብ ዕንፀይቲ፣ ካብ ፈሓም፣ ካብ ብርሃን ፀሓይ፣ ካብ ነዳዲ ዘይቲ፣ ካብ ወሓዚ ማይ፣ ካብ ንፋስ ወዘተ ይርከብ።

ፍልፍላት ጉልበት እንብሎም ከም፡-

1) ኣብ ገዛ እንጥቀመሉ ነዳዲ ኣብነት ዕንፀይቲ፣ ፈሓም፣
2) ንመጓዓዝያ እንጥቀመሉ ነዳዲ ኣብነት ቤንዚን፣ ናፍጣ፣
3) ፍልፍላት ጉልበት ተፈጥሮ ኣብነት ብርሃን ፀሓይ፣ ንፋስ፣ ወሓዚ ማይ፣ ወዘተ እዮም።

ካብ ዝነድድ ዕንፀይትን ፈሓምን ዝርከብ ጉልበት

- ምግቢ ንምብሳል ይጠቅም።
- ቁሪ እንትስመዐና ሙቐት ይህበና።





*ስእሊ 2.7 ብዕንፀይቲ እትሰርሕ መጎጎ* *ስእሊ 2.8 ፈርኔሎ*

ካብ ናፍጣን ቤንዚንን ዝርከብ ጉልበት

- መኻይን ፅዕነት፣ ኣውቶቡስ፣ መኻይን ገዛን መጥሓን የንቀሳቕስ።




*ናይ ፅዕነት መኪና* *ናይ ገዛ መኪና* *ብላምባ ዝሰርሕ ምድጃ*

*ስእሊ 2.9 ጉልበት ነዳዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ተግባራት*

ካብ ብርሃን ፀሓይ ዝርከብ ጉልበት፦

- ዝተሓፀበ ክዳን የንቅፅ፣
- ሙቐትን ብርሃንን ይህብ፣
- ጉልበት ፀሓይ ተጠቒምና ማይ ክነሙቕ ንኽእል።



*ስእሊ 2.10 ብጉልበት ፀሓይ ክዳንን ቡንን እንትነቅፅ*

ካብ ወሓዚ ማይን ንፋስን ጉልበት ኤሌክትሪክ ክንረክብ የኽእለና። ኤሌክትሪክ ድማ፦

- መብራህቲ ክንረክብ ይሕግዘና፣
- ፍሪጅ፣ ቴሌቪዥን፣ ቴፕ፣ ሬድዮ ክሰርሑ ይገብር፣
- ስራሕቲ ሓፂን መፂን ክንሰርሕ ይሕግዘና፣
- መጥሓን የንቀሳቕስ፣
- ንምስንካት እንጀራ፣ ወዘተ

ካብ እንምገቦ ምግቢ ጉልበት ንረክብ። ምግቢ ሓያላትን ንጡፋትን ክንኮን ይገብር።



*ስእሊ 2.11 እንጀራ እናሰንከተት*

## 2.4 ኣቼሑ ምስራሕ ካብ ሓመድ ሸኽላ፣ወረቐትን ጆሶን፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ሞዴላት ትነድፉ።
- መጣበቒ ፕላስተር ተጠቒምኩም ቀሊል መመላኽዒ ካብ ወረቐት ትሰርሑ።
- ካብ ሸኽላ ሓመድ ወይ ፕላስተር ወይ ድማ ወረቐት ሞዴላት ትሰርሑ።

### 2.4.1 ስራሕቲ ንድፊ፡-

| |
|---|
| **ንጥፈት** 2.16፦ ስራሕ ንድፊ ንምንታይ ይጠቅም? |


ንድፊ ማለት ዝኾነ ኣቕሓ ቅድሚ ምስራሕና ናይቲ እንሰርሖ ኣቕሓ ቕርፂ ኣብ ወረቐት ምስኣል እዩ።

ረብሓታት ንድፊ ዝበሃሉ፡-

- ምስራሕ ንድፊ ኢድካ ንምፍትሕታሕ፣
- ኢድ ዕሕፈት ንምምሕያሽ፣
- ስእሊ ንምስኣል፣
- ዝተፈላለዩ ነገራት ለኪዕኻ ንምስራሕ፣ ወዘተ እዮም።


**ንጥፈት 2.17፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ሰሪሕኩም ንመምህር ኣቕርቡ።

1. ሰለስቲኦም ሕንፃፃት ደጋጊምኩም ኣብ ደፍተርኩም ስርሑ።





2. መስመራት ብምግጥጣም ዝተፈላለዩ ቅርፂ ዘለዎም ነገራት ሰሪሕኹም ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

ኣብነት፡- ቅኑዕ መስመራት ብምግጥጣም ስሉስ ኩርናዕ፣ ገዛን ካልኦት ምስራሕ ይከኣል እዩ። ዝተፈላለዩ ቅርፅታት እንትትሰርሑ እርሳስ ጥራሕ ተጠቐሙ።



*ስእሊ2.12 ቅኑዕ መስመር ብምግጥጣም ቅርፂ ምስራሕ*

**ንጥፈት** 2.18፦ ተመዓዳደውቲ መስመራት ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት እናተጠቐምኩም ዝስዕብ ተለማመዱ።



እስቲ ሕዚ መስመሪ ተጠቒምኩም ቅኑዕ መስመር ሰኣሉ። ምስቲ ብዘይ መስመሪ ዝሰራሕኹምዎ ኣነፃፅሩ። ኣፈላላይ ኣለዎዶ? ንምንታይ?




*ሰእሊ 2.13 ብመስመሪ ምስራሕ*

ቅኑዕ መስመር ብምጥቃም ርቡዕ ኩርናዓት ምስራሕ ይከኣል።

**ንጥፈት** 2.19፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ደብተርኩም ስርሑ።

1. ንዞም ዝስዕቡ ምስልታት ኣብ ደፍተርኩም ስኢልኩም ኣርእዩ።




2. ቅኑዕ መስመር ተጠቒምኩም ፀሊም ሰሌዳ፣ ጠረጴዛ፣ መፅሓፍ፣ ማዕፆ፣ መስኮት ወዘተ. ሰኣሉ። ንመምህርኩም ኣርእዩ።

**ንጥፈት 2.20፦** ልዋይ ሕንፃፅ ተጠቒምኩም ርእሲ ሰብ፣ እንቁላሊሕ፣ ጀበና፣ ድስቲ ወዘተ. ስኢልኩም ኣርእዩ።

ብልዋይ ሕንፃፅ'ውን ዝተፈላለየ ቅርፂ ምስራሕ ይከኣል። **ኣብነት** ቅርፂ ርእሲ ሰብ፣ ጀበና፣ ብርጭቆ፣ እንቁላሊሕ ወዘተ።

## 2.4.2 ኣሰራርሓ *መመላኽዒ*

**ንጥፈት 2.21፦** ንድፊ ገዛ ከምዝስዕብ ኣብ ወረቐት ሰኣሉ።




*ሰእሊ 2.14 ንድፊ ገዛ*

*ድሕሪ ምስኣልና ዝተፈላለዩ ክፋላት ገዛ ማለት ቆርቆሮ፣ መስኮት፣ ማዕፆን መንድቕን ነንበይኖም ብመቐስ ብጥንቃቐ ቆራርፁዎም።*



*ሰእሊ 2.15 ዝተቖራረፁ ክፋላት ገዛ*

ኢቶም ዝተቖራረፁ ክፋላት ገዛ ብመጣበቒ ተጣብቑ።



*ስእሊ 2.16 ክፋላት ገዛ ምስተጣበቐ*

## 2.4.3 ምስራሕ ሞዴል

| |
|---|
| **ንጥፈት 2.22፦** ካብ ሸኽላ ሓመድ ዝተሰርሖ ኣቑሑ ወይ ሞዴላት ኣብገዛኹም ኣለዉዶ? እስቲ ኣስማቶም ዘርዝሩ። |

ሓደ ሞዴል ቅድሚ ምስራሕና ፈለማ ናይቲ ክንሰርሖ እንደልዮ ኣቕሓ ንድፊ ንስእል። ብድሕሪኡ ሓመድ ሸኽላ፣ ወረቐትን ጆሶን ተጠቒምና ነቲ ሞዴል ንሰርሕ።

**ካብ ሸኽላ ሓመድ ሞዴል ምስራሕ።**

ስራሕቲ ሸኽላ ዝበሃል ካብ ጭቃ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ዝስርሑሉ ዓይነት ስራሕ እዩ።

ካብ ሓመድ ሸኽላ ዝስርሑ ሞዴላት፡- ዋንጫ፣ ጀበና፣ ዕትሮ፣ ፃሕሊ፣ መትሓዚ ዕምበባን ዝመሳሰሉን እዮም።



*ስእሊ 2.17 ካብ ሓመድ ሸኽላ ዝተሰርሑ ኣቑሑ*

**ንጥፈት 2.23፦** ተምሃሮ ኣብ ገዛውትና እንጥቀመሎም ናውቲ ከም ዋንጫ፣ ፍንጃል፣ ጀበና፣ ፃሕሊ፣ ዕትሮ፣ ወዘተ ካብ ሸኽላ ሓመድ ወይ ወረቐትን ጆሶን ተጠቒምኩም ምስሰራሕኹም ንመምህርኩም ኣቅርቡ።

## መልመዲ 2.1

*ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾነ__ሓቂ__ ትኽክል ንዘይኮነ ድማ __ጌጋ__ ብምባል መልሱ።*

1. ኣባላት ማሕበረሰብ ዕድመ መሰረተጌርካ ምምዳብ ኣይከኣልን።
2. ህፃናት ልዕሊ ዓቕሚ ክሰርሑ ምግባር መሰሎም ምኽባር እዩ።
3. መዓልታዊ ስራሕቲ ንምፍፃም ምድላው ትልሚ ግቡእ እዩ።
4. ኤሌክትሪክ ኣብነት ፍልፍል ጉልበት ኣይኮነን።
5. ምግቢ ኣብነት ፍልፍል ጉልበት እዩ።

ለ. ነዞምዝስዕቡሕቶታትትኽክልዝኾነመልሲምረፁ።

1. ኣብነት መሰል ህፃናት ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምኽባር ስድረኦም

ለ. ምቅላዕ ንብዝበዛ ጉልበት

ሐ. ንዓበይቲ ምኽባር

መ. ህፃናት ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ምስታፍ

2. ካብዞምዝስዕቡመሰልህፃናትዝገልፅኣየናይእዩ?

ሀ. ምፀውዒ ስም ምርካብ ለ. ኣብ ከቢድ ስራሕ ምውፋር

ሐ. ንውግእ ምስላፍ መ. ትምህርቲ ምኽልካል

3. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ንዕብየት ህፃናት ኣየድልን?

ሀ. ምውቃዕ ለ. ምግቢ ሐ. ክዳን መ. መንበሪ ገዛ

4. ካብዞም ዝስዕቡ ክእለት ዓርሰ ምምራሕ ዘመላኽት ኣየናይ እዩ?

ሀ. ብትልሚ ምምራሕ ለ. ግዘኻ ብግቡእ ዘይምጥቃም

ሐ. ስርዓት ዘይምኽባር መ. ኣብ ክለባት ዘይምስታፍ

5. ብተምሃሮካብ ዝፍፀሙ ተግባራት ጌጋዝኾን ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምሕላው ፅሬት ከባቢ ለ. ተጎጅልካ ምብኣስ

ሐ. ምትካል ተኽሊ መ. ንፅጉማት ምሕጋዝ

6. ካብዞም ዝስዕቡ ብጉልበት ብርሃን ፀሓይ ዝፍፀም ተግባር ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምህፋፍ ማይ ለ. ምድራቕ ጥረምረ

ሐ. ምውሳኽ ረስኒ ከባቢ ኣየር መ. ኩሎም መልሲ እዮም

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ተፈሮኣዊ ከባቢና

## 3.1 ክስተታት ተፈጥሮ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ክስተታት ተፈጥሮ ከይዲ ህይወት ተፈጥራዊ ዑደት ምኽኑ ትፈልዩ።
- ቀትርን ለይትን ሓደ ከይዲ ህይወት ተፈጥራዊ ዑደት ምኽኑ ትፈልዩ።
- ቀስተ ደበናን ውሕጅን ወቕታዊ ተርእዮ ምኽኑ ትገልፁ።
- ከይዲ ህይወት ትገልፁ።
- መዐቀኒ ኣሃዳት ቁመት፣ መጠነኣካልን ግዘን ተለልዩ።
- መዐቀኒ ኣሃዳት ባህላውን ዘበናውን ኢልኩም ትምድቡ።
- ተፈጥራውን ሰብ ስራሕን ኣቑሑ ትፈልዩ።
- ኣቑሑ ብዓይነቶምን ክብደቶምን ትምድቡ።

### 3.1.1 ምዕዛብ ክስተታት ተፈጥሮ

**ንጥፈት** 3.1፦ ክስተታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ እንታይ እዮም?

ክስተታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ ኣብ ከባቢና ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝራኣዩ ነገራት እዮም። ቀትርን ለይትን ፣ ወቕትታት ፣ ቀስተ ደበና፣ ድርቅን ውሕጅን ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

## ሀ) ቀትርን ለይትን

**ንጥፈት 3.2፦** ኣብ መንጎ ቀትርን ለይትን ዘሎ ኣፈላላይ ዘርዝሩ።

ኣብ መንጎ ቀትርን ለይትን ዘለዉ ኣፈላላያት እንትንዕዘብ ቀትሪ፡-

- ፀሓይ እትራኣየሉ፣
- ከባቢ ኣየርዝውዕየሉ፣
- ናብ ቤት ትምህርቲ እንኸደሉ፣
- ብዙሕ ድምፂ ዝስመዐሉ ወዘተ እዩ።

ለይቲ ድማ፡-

- ፀልማት ዝኾነሉ፣
- ከባቢና ዝዝሕለሉ፣
- ዳርጋ ኩሉ ሰብ ዝድቅሰሉ፣
- ድምፂ መኪናን ካልኦትን ዝንከየሉ ወዘተ እዩ።

## ለ) ወቕትታት

**ንጥፈት 3.3፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያይጥኩም ንክፍልኩም ኣቕርቡ።

1. ኣብ እዋን ክረምቲ ትምህርቲ ንምንታይ ይዕፆ?
2. ክረምቲ ምኻኑ ብምንታይ ይፍለጥ?
3. ሓጋይን ክረምትን ብኸመይ ይፍለዩ?

**ንጥፈት 3.4፦** ኣብ ሞንጎ ክረምትን ሓጋይን ዘሎ ኣፈላላይ ኣብ ዝስዕብ ሰደቓ ብመሰረት ዝተቐመጠ ኣብነት ስርሑ።

| | ሓጋይ | ክረምቲ |
|---|---|---|
| 1 | ፀሓይ ይበዝሕ | ማይ ይወቅዕ |
| 2 | በዝሒ ዘራእቲ ኣይህሉን | በዝሒ ዘራእቲ ይህሉ |
| 3 | | |
| 4 | | |
| 5 | | |

## ሐ) ቀስተ ደበና

**ንጥፈት 3.5፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ብውልቀ ሃቡ።

1. ቀስተ ደበና እንታይ እዩ?
2. ቀስተ ደበና እንታይ ዓይነት ሕብሪ ኣለዎ?

ቀስተ ደበና ብርሃን ፀሓይ ድሕሪ ዝናብ ብነጠብጣብ ዝናብ እንትሓልፍ ኣብ ሰማይ ዝርአ ክስተት ተፈጥሮ እዩ።
ሕብሪ ቀስተ ደበና ብቕደም ሰዓብ ቀይሕ፣ ኣራንሺ፣ ብጫ፣ ቆፃል፣ ሰማያውን ሃምራውን እዮም።

**ንጥፈት 3.6፦** ቀስተ ደበና ስኢልኩም ኣርእዩ።

## መ. ውሕጅን ድርቅን

**ንጥፈት** 3.7፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ሰሪሕኩም ንክፍልኩም ኣቕርቡ።

1. መበገሲ ውሕጅን ድርቅን እንታይ ይመስለኩም?
2. ብውሕጅን ድርቅን ዝበፅሑ ሓደጋታት እንታይ እንታይ እዮም?

ውሕጅ ብምኽንያት ዝናብ ይፍጠር። ሳዕቤኑውን፡-

- ልሙዕ ሓመድን ዘራእትን ይወስድ፣
- ኣብ ንብረትን ህይወትን ሓደጋ የስዕብ፣
- ዋሕዲ ምግቢ ይፍጠር፤ ወዘተ እዮም።

ሳዕቤን ድርቂ ድማ፡-

- ብዋሕዲ ዝናብ ዝመፅእ ፀገም እዩ።
- ኣብ እንስሳትን ተኽልታትን ጉድኣት የስዕብ።
- ጥሜት የስዕብ፣ ወዘተ እዮም።



*ስእሊ 3.1 ሳዕቤን ድርቂ*



*ስእሊ 3.2 ሳዕቤን ውሕጅ*

## 3.1.2 ከይዲ ህይወት (ውልደት፣ ዕቤትን ሞትን)

**ንጥፈት 3.8፦** ከይዲ ህይወት እንታይ ማለት እዩ?

ከይዲ ህይወት ውልደት፣ ዕብየትን ሞትን ዘጠቓልል ከይዲ እዩ። ሰብ ይውለድ፣ ይዓቢ፣ ይኣርግ፣ ኣብ መወዳእታ ይመውት። ተኽልታት እውን ይበቑሉ፣ ይዓብዩ፣ ይፈርዩ፣ ይረግፉ። እዙይ ድማ ውልደት፣ ዕቤትን ሞትን ባህርያት ተኽልታትን እንስሳትን እዩ።




*ስእሊ 3.3 ውልደትን ዕቤትን ወድሰብ*



*ስእሊ 3.4 ውልደትን ዕብየትን ተኽልታት*

**ንጥፈት** 3.9፦ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም? ትዕዝብትኹም ንመምህርኩም ሓደ ብሓደ ተዛረቡ።

**ንጥፈት** 3.10፦ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ተኽሊ ብምትካልእና ተኸናኺንኩም ብመሓዝ ከይዱ በቢግዚኡ ተዓዘቡ።

### 3.1.3 መዐቀንታት

- **መዐቀኒ ኣሃዳት ቁመት፣ መጠንኣካልን ግዘን**


**ንጥፈት** 3.11፦ መዐቀኒ ኣሃዳት ኣብ ክንደይ ይምደቡ?

መዐቀኒ ኣሃዳት ባህላውን ዘበናውን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ።

## ሀ) ባህላዊ መዐቀኒ ኣሃዳት

**ንጥፈት 3.12፦** ባህላዊ መዐቀኒ ኣሃዳት ከባቢኹም ንወለድኹም ሓቲትኩም ፀብፃብ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።


ባህላዊ መዐቀኒ ኣሃድ መጠንኣካል ካብ ዝኾኑ ሓደ ሕልቒ እዩ።



*ስእሊ 3.5 ባህላዊ መዐቀኒ መጠንኣካል ሕልቒ*

ባህላዊ መዐቀኒ ግዘ ድማ ንጉሆ፣ ረፋድ፣ ቀትሪ፣ ኣጋግዘ፣ ፀሓይ ዓራርቦ፣ ምሸት፣ ፍርቂ ለይቲ፣ ደርሆ ነቆ፣ወዘተ እዮም።
ፅብዒት፣ ስድሪ፣ እመት፣ ስጉሚ ወዘተ ድማ ባህላዊ መዐቀኒ ንውሓት እዮም።

ባህላዊ መዐቀኒታት ንውሓት ሓደ ዓይነት ዓቐን ኣይዕቅኑን።




*ስእሊ 3.6 ባህላዊ መዐቀንታት ንውሓት*

ተምሃሮ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?

## ለ. ዘበናዊ መዐቀኒ ኣሃዳት

ዘበናዊ መዐቀኒ ኣብ ኩሎም ከባብታት ማዕረ እዩ።ዘበናዊ መዐቀኒ ንውሓት ሴንቲ ሜትር፣ ሜትር፣ ኪሎ ሜትር ወዘተ እዮም።
ሓደ ሜትር ሚኢቲ ኣናእሽተይ ክፋላት ኣለዉዎ።ሕድሕድ ክፋል ሴንቲ ሜትር ይበሃል።

ስለዚ 1 ሜትር= 100 ሴንቲ ሜትር እዩ።



*ስእሊ 3.7 መስመሪ*

ጎኒ፣ ቁመት፣ ርጉዲ፣ ዕሙቀትን ዙርያን ብሳንቲ ሜትርን ሜትርን ይዕቀን።

**ንጥፈት 3.13፦** ንዞም ሕቶታት ብጉጅለ ብምስራሕ ንክፍልኩም ኣቕርቡ።

1. ጎኒ፣ ቁመት፣ ወርዲ፣ መፅሓፍ ከባቢያዊ ሳይነስ ዓቒንኩም ኣቐምጡ።

   ጎኒ ሴንት ሜትር እዩ።

   ቁመት ሴንት ሜትር እዩ።

   ርጉዲ ሴንት ሜትር እዩ።


2. ጎኒ፣ ቁመት፣ ወርዲ፣ ጠረጴዛኹም ዓቒንኩም ንመምህርኩም ኣርእዩ።

3. ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝርከቡ ተኽልታት ሓደ ዓቒንኩም ናይቲ ኦም ርጉዲ ንመምህርኩም ተዛረቡ።

**መጠነኣካል፡-**

መዐቀኒ መጠነኣካል ሚዛን ይበሃል። ኣሃድ መጠነኣካል ድማ ኪሎግራም፣ ግራም፣ ሚሊግራም ወዘተ እዩ።

**ንጥፈት 3.14፦** ብሚዛን እናተመዘኑ ዝሸየጡ ነገራት እንታይ እንታይ እዮም? ዘርዚርኩም ኣቕርቡ።



*ስእሊ 3.8 ዓብይን ንኡሽተይን ሚዛን*

1 ኪሎ ግራም = 1000 ግራም እዩ።

**ንጥፈት** 3.15፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቃል መልሲ ሃቡ።

1. ሚዛን ተጠቒምኩም ነዞም ዝስዕቡ ምዘኑ።
   ከባብያዊ ሳይንስን ሒሳብን መፃሕፍትኹም ምዘኑ።
   ክንደይ ተመዚኖም? ኣየናይ ይኸብድ?
2. ሓደ ኪሎ ሓመድን ሓደ ኪሎ ጡጥንከ ኣየናይ ዝኸብድ ይመስለኩም?

**ግዜ፡-**

ግዘ ብሰከንድ፣ ብደቒቓን ብሰዓትን ይግለፅ። ሰከንድ፣ ደቒቓን ሰዓትን ድማ ኣሃዳት ግዘ እዮም።



*ስእሊ 3.9 ሰዓት መንደቕ*

ሓደ መዓልቲ ዒስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ኣለውዎ።

12 ሰዓት ቀትሪ 12 ሰዓት ድማለይቲ እዮም።

1 ሰዓት = 60 ደቒቓ

1 ደቒቓ = 60 ሰከንድ እዩ።

### 3.1.4 ምምዳብ ነገራት

**ንጥፈት** 3.16፦ ነገራት እንብሎም እንታይ እንታይ እዮም?

ነገራት ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ተፈጥሮኣዊ ዝበሃሉ ከም እምኒ፣ ዕንፀይቲ፣ ሳዕሪ፣ ሓሰር፣ ጡጥ ወዘተ እዮም።

ሰብ ስራሕ ዝበሃሉ ድማ ብጉልበትን ፍልጠትን ሰብ ዝተሰርሑ ከም ሽሓነ፣ ብርጭቆ፣ ጎማ፣ ወዘተ ዝበሉ እዮም።

**ንጥፈት** 3.17፦ ኣብቲ ሰደቓ ንዘለዉ ነገራት ብምድህሳስ ወይ ብምልዓል ዝተሰመዐኩም ምልኡ።

| ዓይነት ነገራት | ጥንኩር | ቀሊል | ልስሉስ | ሓርፋፍ | ልሙፅ | ከቢድ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ጡጥ | | | | | | |
| መስትያት | | | | | | |
| እምኒ | | | | | | |
| ጎማ | | | | | | |
| ላስቲክ | | | | | | |

## 3.2 ሃፍትታት ተፈጥሮ

ንዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓይነታት ሃፍትታት ተፈጥሮ ትምዝግቡ።
- ሓፈሻዊ ጥቕሚ ሃፍትታት ተፈጥሮ ትገልፁ።
- ሓፈሻዊ ሜላታት ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮ ትገልፁ።
- ማሕበረሰብ ኣብ ክንክን ከባቢ ዝግበሩ ስራሕቲ ትዝርዝሩ።

### 3.2.1 ዓይነታት ሃፍቲ ተፈጥሮ

**ንጥፈት** 3.18፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ብምስራሕ ንክፍልኩም ኣቕርቡ።

1. ሃፍቲ ተፈጥሮ እንታይ እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘርዝሩ?

ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ ኣብ ከባቢና ብተፈጥሮ እንረኽቦም ጠቐምቲ ነገራት እዮም።

ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ ከም ማይ፣ ሰብ፣ ሓመድ፣ እንስሳት፣ ተኽልታት፣ ኣየር፣ ብርሃን ፀሓይ፣ እምንን መዓድናትን ዝኣምሰሉ እዮም።

### 3.2.2 ረብሓ ሃፍትታት ተፈጥሮ

**ንጥፈት** 3.19፦ ረብሓ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘርዝሩ።

ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝተፈላለየ ረብሓ ይህቡና። ኣብነት፦ ንምግቢ፣ ንመፅለሊ፣ ንኽዳን፣ መጓዓዝያ፣ወዘተ

ንምግቢ፦ ምግቢ ካብ እንስሳትን ተኽልታትን ንረክብ። እዞም ተኽልታት ድማ ምግቦም ካብ ሓመድ፣ ማይ፣ ብርሃን ፀሓይ፣ መዓድናት ይረኽቡ።

ንመፅለሊ፦ እንነብረሉ ገዛ ዝስራሕ ካብ እምኒ፣ ማይ፣ ሓፂን፣ ሓመድ ወዘተ ዝበሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ እዩ።

ንኽዳን፦ እንኽደኖ ክዳን ካብ ጡጥ፣ ሱፍ፣ ቆርበት፣ ወዘተ ዝተሰርሐ ኮይኑ ውፅኢት ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ።

መጓዓዝያ፦ ከም ፈረስ፣ በቕሊ፣ ኣድጊ፣ ግመል ወዘተ ንመጓዓዝያ ይጠቕሙና። ከምኡ'ውን ዘበናዊ መጓዓዝያ ካብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይስርሑ እዮም።

ብተወሳኺ ሃፍትታት ተፈጥሮ መስሕብ ዑደተኛታት ኮይኖም የገልግሉ። ከም ጨው፣ ወርቂ ዝበሉ መዓድናት ድማ ብምሻጥ ቁጠባ ሃገር ክዓቢ ይገብሩ።

## 3.2.3 ክንክን ሃፍትታት ተፈጥሮ

| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.20፦ ሃፍትታት ተፈጥሮ ከመይ ከምንከናኸኖምን ከምንጥቀመሎምን ንዓበይቲ ሰባት ሓቲትኩም ብፅሑፍ ንኽፍልኹም ኣቕርቡ። |

ክንክን ሃፍቲ ተፍጥሮ ማለት ንሃፍቲ ተፈጥሮ ዝግበር ሓለዋን ግቡእ ኣጠቓቕማን እዩ።

**ሀ. ብኽለት ኣየር**


| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.21፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።<br>1. ኣየር ብኸመይ ይብከል?<br>2. ሳዕቤን ብኽለት ኣየር እንታይ ይመስለኩም?<br>3. ብኽለት ኣየር ከመይ ንከላኸል? |

ንፁህ ኣየር ንህልውናና ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ኮይኑ ግና ከባቢ ኣየር ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይብከል። ካብዚኦም ዝተወሰኑ ንምጥቃስ፦

- ካብ ገዛውቲ ዝወፅእ ደረቕን ፈሳስን ጓሓፍ ዝፈጥሮ ጨና፣
- ካብ መኻይን ዝወፅእ ትኪ፣
- ካብ ፋብሪካታት ዝወፅእ ትክን ፈሳሲ ርስሓትን፣

- ካብ ባርዕ ሓዊ ዝወፅእ ትኪ
- ካብ ዝነድድ ፋሓም ዝወፅእ ጋዝ ወዘተ እዮም።

ብብኽለት ኣየር ካብ ዝመፁ ሕማማት ዝተወሰኑ፡-ኣስሚ፣ ሰዓል፣ ሕማም ዓይኒ ወዘተ እዮም።



*ስእሊ 3.10 ምኽንያት ብኽለት ከባቢ ኣየር*

**ንጥፈት** 3.22፦ ተምሃሮ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?

## ምክልኻል ብኽለት ኣየር

**ንጥፈት** 3.23፦ ብኽለት ሃፍቲ ተፈጥሮ ከባቢ ከመይ ንከላኸል?

ብኽለት ኣየር በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ምክልኻል ይከኣል።

- ተኽልታት ብበዝሒ ብምትካል፣
- ካብ መንበሪ ገዛን ትካልን ዝወፅእ ጓሓፍ ብምቕባር፣
- ከባቢ ብፅሬት ብምሓዝ፣
- መስኮትን በርን ገዛ ዓፂኻ ዕንፀይቲ፣ ፋሓም፣ ላምባ ወዘተ ዘይምንዳድ
- መጠን ትኪ ንምቕናስ ፋብሪካታት ብሓይሊ ኤሌክትሪክ ክሰርሓ ምግባር ወዘተ እዮም።

## ለ) ብኽለት ማይ

| |
|---|
| **ንጥፈት 3.24፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ስርሑ። |
| 1. ማይ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? |
| 2. ማይ ብኸመይ ይብከል? |

ማይ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ። ብዘይ ማይ ህይወት ዘለዎም ነገራት ክነብሩ ኣይኽእሉን።

ማይ ዝብከለሉ መንገድታት፦

- ፅሬቱ ብዘይተሓለወ ኣቕሓ እንትቕዳሕ፣
- ፍልፍል ማይ ኣብ ከባቢኡ ሽቓቕ እንትህሉ፣
- እንስሳት ኣብ ዝሰትያሉ እዋን እንትረግፀኦን እንትሸናሉን፣
- ሰብ ሰውነቱን፣ ክዳኑን ኣብ ሩባ እንትሓፅብ፣
- ካብ ፋብሪካ፣ ቤት ብልዒ፣ ቤት መስተ፣ መንበሪ ገዛ ወዘተ ዝወፅእ ደረቕን ፈሳሲን ጓሓፍ ናብ ሩባታት፣

ፍልፍል ሩባታትን፣ ዒላታትን ወዘተ እንትኣቱ ይብከል።
ስለዚ ማይ ከይብከል ክንጥንቀቕ ይግባእ።

**ምክልኻል ብኽለት ማይ**

**ንጥፈት 3.25፦** ብኽለት ማይ ከመይ ንከላኸል?

ብኽለት ማይ ንምክልኻል፡-

- ማይ ንምቕዳሕ እንጥቀመሉ ኣቕሓ ብፅሬት ምሓዝ፣
- ኣብ ጥቓ ፍልፍል ማይ ዘይምሕፃብ፣
- ዝኾነ ደረቕን ፈሳስን ጓሓፍ ናብ ማይ ከይኣቱ ምክልኻል፣
- እንስሳት ቀዲሖኻ ክሰትያ ብምግባር፣ ወዘተ.

ማይ ካብ ብኽለት ምክልኻል ይከኣል።

**ሐ. ብርሰት ዱር፡-**

**ንጥፈት 3.26፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ።

1. ዱር እንታይ እዩ?
2. መንቀሊ ብርሰት ዱር እንታይ እዩ?
3. ሳዕቤን ብርሰት ዱር እንታይ ይመስለኩም?
4. ንዱር ክግበር ዝግበኦ ክንክን እንታይ እዩ?

ዱር ዝተፈላለዩ ዓበይትን ኣናእሽትን ተኽልታት ብበዝሒ ዝርከብዎ ከባቢ እዩ።

**ምኽንያት ምብራስዱርድማ፦**

- ዝሕረስ መሬት ንምርካብ ተኽልታት እንትቖረፁ፣
- መውዓሊ እንስሳትእንትኸውን፣
- ንዕንፀይቲ ተባሂሉ እንትቖረፅ፣፣
- ገዛ ንምስራሕ ወዘተ እንትቖረፅ ዱር ይበርስ።

- **ምክልኻል ብርሰት ዱር፦**

**ንጥፈት** 3.27፦ ብርሰት ዱር ከመይ ንከላኸል?

ብርሰት ዱር በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ምክልኻል ይከኣል።

- ፈልስታትተብዝግባእ ምትካልን ምክንኻንን፣
- ዝተቖረፀ ተኸሊ ምትካእ፣
- ካብ ስዲ ጋህዒ ምክልኻል፣
- እንስሳት ኣሲርካ ምቕላብ፣ ወዘተ፣ እዮም።

**መ. ምጉሕጓሕ ሓመድ**

**ንጥፈት** 3.28፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ብውልቀ ሃቡ።

1. ምጉሕጓሕ ሓመድ እንታይ እዩ?
2. መንቀሊ ምጉሕጓሕ ሓመድ እንታይ እዩ?

ምጉሕጓሕ ሓመድ ዝበሃል ሓመድ ብንፋስ፣ ብዝናብን ውሕጅን እንትጉሕጓሕ እዩ። ቀንዲ መንቀሊ ምጉሕጓሕ ሓመድ ድማ ብርሰት ዱር እዩ።

ስለዚ ዱር እንትበርስ ሓመድ ብቐሊሉ ስለዝጉሕጓሕ ብርሰት ዱር ምክልኻል ይግባእ።

**ምክልኻል ምጉሕጓሕ ሓመድ**

ንምክልኻል ምጉሕጓሕ ሓመድ ፡-


- ተኸሊ ምትካል፣
- ዛላታት ምስራሕ፣
- መሬት ብዘይ ኣገባብ ከይሕረስ ምግባር፣
- ምክልኻል ባርዕ ሓዊ ፣

- ብዙሓት እንስሳት ኣብ ሓደ ከባቢ ከይውዕላ ብምግባር፣ ወዘተ ሓመድ ከይጉሕጓሕ ምክልኻል ይከኣል።



*ስእሊ 3.11 ዛላታት ምስራሕ*

ተኽልታት ብሱሮም ሓመድ ብምሓዝ፣ ብቖፅሎም፣ ጉንዶም፣ ጨንፈሮምን ኣቢሎም ንመሬት ስለዝሸፍንዎ ሓመድ ብቐሊሉ ብውሕጅን ንፋስን ኣይውሰድን።



*ስእሊ 3.12 ሱር ተኽሊ ሓመድ ካብ ምጉሕጓሕ የድሕን*

ተምሃሮ ቀፅሪ ቤት ትምህርትኹምን ገዛኹምን ብተኽልን ዕምበባን ምግያፅ ቀንዲ ተግባርኩም ይኹን። ዕምበባታት ንሰብ ኮነ ንነብሳት ሰሓብቲ እዮም። ስለዚ ተኽሊ ምትካልን ምክንኻንን ቀዳምነት ዝወሃቦ ተግባርን መርኣያ ፅቡቕ ስነ ምግባርን እዩ።

## 3.3 ተኽልታት ከባቢና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፦

- ክፍሊ ኣካላት ተኽሊ ትፀርሑን ተርእዩን።
- ተግባር ክፍሊ ኣካላት ተኽሊ ትዛረቡ።
- ክፍሊ ኣካላት ተኽሊ ኣኪብኩም ትምድቡ።
- ተኽልታት ንኽዓብዩ እንታይ ከምዘድልዮምት ዝርዝሩ።
- ዘራእቲ ንኽዓብዩ ዘድልዩዎም መሳርሒታትን ኣቐሑን ትዝርዝሩ።


| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.29፦ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ተኽልታት ስም ዘርዝሩ። |

ኣብ ከባቢና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተኽሊ ኣለዉ።እዞም ተኽልታት ዝተፈላለዩ ክፍለ ኣካላትን ተግባራትን ኣለዎም።

### 3.3.1 ክፍለ ኣካላት ተኽልን ተግባራቶምን፦

| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.30፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያይጥኩም ንክፍሊ መልሲ ኣቕርቡ።<br>1. ክፍለ ኣካላት ተኽሊ ዝበሃሉ እንታይ እንታይ እዮም?<br>2. ኣብ ከባቢኹም ዘለው ተኽልታት ተዘዋዊርኩም ብምዕዛብ ኣየንኡ ዕምባባ፣ ቆፅሊ፣ ጉንዲን፣ ሱርን ከምዝኾነ ፍለዩ? |


ዝተፈላለዩ ኣካላት ተኽሊ ዝበሃሉ፡- ሱር፣ ጉንዲ፣ ቆፅሊ፣ ዕምበባ፣ እዮም።




*ስእሊ 3.13 ክፍለ ኣካላት ተኽሊ*

## 1. ሱር

| ንጥፈት 3.31፦ ቀንዲ ተግባር ሱር እንታይ ከምዝኾነ ዘርዝሩ። |
|---|



*ስእሊ 3.14 ዝተፈላለዩ ሱር ተኽልታት*

- **ተግባራት ሱር**

| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.32፦ ተግባር ሱር እንታይ እዩ? |

ተግባራት ሱር ዝበሃሉ፥-

- ሱር ንዕቤት ተኽሊ ኣድለየቲ ዝኾኑ ነገራት ከም ማይን መኣድናትን ካብ መሬት ይስሕብ፣
- እቲ ተኽሊ ከይወድቕ ምስ መሬት ኣጣቢቑ ይሕዝ፣
- ከም መዋህለሊ ምግቢ ኮይኑ የገልግል፣
- ሓመድ ብማይ ከይውሰድ ይከላኸል።

2. ጉንዲ

**ተግባር ጉንዲ**

| |
|---|
| **ንጥፈት** 3.33፦ ተግባር ጉንዲ እንታይ ከምዝኾነ ዘርዝሩ። |

ተግባራት ጉንዲ ዝበሃሉ፦

- ጨንፈር፣ ቆፅሊ፣ ዕምበባን ፍረን ደጊፉ ይሕዝ፣
- ማይን መዓድንን ካብ ሱር ናብ ቆፅሊ የመሓላልፍ፣
- ከም መዋህለሊ ምግቢ ኮይኑ የገልግል።



*ስእሊ 3.15 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጉንዲ*

## 3. ቆፅሊ

**ንጥፈት 3.34፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ሓፂር መልሲ ንመምህር ሃቡ።

1. ቆፅሊ እንታይ እዩ?
2. እንታይ ሕብሪኸ ኣለዎ?

ቆፅሊ ሓምለዋይ ሕብሪ ዘለዎ ክፍለ ኣካል ተኽሊ እዩ። ቆፅሊ ዝተፈላለዩ ቅርፂ ኣለውዎ።



*ስእሊ 3.16 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቆፅሊ*

### ተግባር ቆፅሊ

**ንጥፈት 3.35፦** ተግባር ቆፅሊ እንታይ ከምዝኾነ ዘርዝሩ።

ቆፅሊ ምግቢ ተኽልታት ዝዳለወሉ ክፍለ ኣካል ተኽሊ እዩ። ተኽልታት ብቖፅሊ ኣቢሎም የተንፍሱ።

## 4. ዕምበባ

**ንጥፈት** 3.36፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቃል መልሲ ሃቡ።

1. ዕምበባ እንታይ እዩ?
2. እንታይ ዓይነት ሕብሪ ኣለዎ?
3. ስራሕቲ ዕምበባ እንታይ ይመስለኩም?

ዕምበባ ፆታዊ መራኸቢ ክፍለ ኣካል ተኽሊ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ተኽልታት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዕምበባ ኣለው። ዘርኢ ወይ ፍረ ካብ ዕምበባ ይርከብ።



*ስእሊ 3.17 ዓይነታት ዕምበባ*

### ምእካብ፣ ምፍላይን ምምዳብን ክፍለ ኣካላት ተኽሊ

**ንጥፈት** 3.37፦ ኣብ ከባቢኹም ናይ ዝርከቡ ዝተወሰኑ ተኽልታት ጉንዲ፣ ቆፅልን ዕምበባን ኣክቡ። ድሕሪ እዚ ብመጠን፣ ሕብሪ፣ ቅርፂ፣ ጉንዲ፣ ቆፅልን ዕምበባን ብማለት ነቶም ተኽልታት መድቡ።

### 3.3.2 ምዕባይ ዘራእቲ፦

**ንጥፈት** 3.38፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቃል ተመያየጡ።
1. ተኽልታት ንኽዓብዩ ዘድልዩዎም ነገራት ዘርዝሩ።
2. ዘራእቲንኽዓብዩ ዘድልዩዎም መሳርሕታትን ኣቐሑን ዘርዝሩ።

ዘራእቲ ምስቦቖሉ ተኽሊ ይኾኑ።ተኽልታት ንክዓብዩ ማይ፣ ብርሃን ፀሓይ፣ ኣየር፣ ሙቐትን ሓመድን የድልዮም።

ንምዕባይ ዘራእቲ ዘድልዩ መሳርሕታት ከም መባሮ፣ ኣፍኩቱ፣ ባዴላ ወዘተ እዮም።

**ፈተነ** 3.1 ንፈተነ ዘድሊ መሳርሒ፦
- 4 ታኒካታት
- ዘራእቲ ዝቦቐልሉ ሓመድ
- ዘርኢ፣ ማይ፣ መዐሸጊ ፕላስቲክ።
- ሳንዱቕ

ኣገባብ ኣሰራርሓ፦
- ኣብተን ኣርባዕተ ታኒካታት ዘርኢ ዘሪእኹም ኣብቁሉ፣ እቲ ዘርኢ ምስቦቐለ፣
- ኣብ 1ይ ታኒካ ዘሎ ተኽሊ እኹል ማይ፣ ሓመድ፣ ብርሃን ፀሓይን ኣየርን ክረክብ ግበሩ።
- ኣብቲ 2ይ ታኒካ ዘሎ ተኽሊ ማይ ከይረክብ ግበሩ።
- ኣብቲ 3ይ ታኒካ ዘሎ ተኽሊ ኣየር ከይረክብ ብላስቲክ ሸፍንዎ።
- ኣብቲ 4ይ ታኒካ ዘሎ ተኽሊ ብርሃን ፀሓይ ከይረክብ ኣብ ሳንዱቕ ኣእትዉዎ።
- ናይዞም ታኒካታት ኩነታት ተኸታተሉ።

- ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኣብቶም ታኒካታት ዘለዉ ተኽልታት ተዓዘብዎም።
- ብዝግባእ ዝዓበየ ኣብ ኣየናይ ታኒካ ዘሎ ተኽሊ'ዩ። ንምንታይ? ኣፈላላዮም እንታይ እዩ? ካብዚ እንታይ ተዓዚብኩም ሓደ ብሓደ እናተልዓልኩም ኣብ ክፍሊ ሓሳብኩም ተዛረቡ።

## 3.4 እንስሳት ከባቢና

### ምምዳብ እንስሳት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- እንስሳት ብመሰረት ኣረባብሓኦም፣ ምንቅስቓሶም፣ ኣመጋግበኦም፣ መነባብረኦምን ሸፋን ሰውነቶምን ትምድቡ።
- ካብ ውፅኢት እንስሳ ዝተሰርሑ ኣቑሑ ትፈልዩ።
- ንክንክን እንስሳት እንጥቀመሎም ኣቑሑን መሳርሒታትን ትዝርዝሩ።
- ንክንክን እንስሳት እንጥቀመሎም ኣቑሑ፣ መሳርሒታትን ተግባሮምን ተርእዩ።

**ንጥፈት** 3.39፦ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ እንስሳት ብምዝርዛር ብመሰረት ኣረባብሕኦም፣ ምንቅስቃሶምን ኣመጋግበኦምን ንወለድኹም ሓቲትኩም ፀብፃብኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

ኣብ ከባቢና ዝተፈላለዩ እንስሳት እንትርከቡ ብመሰረት ባህርያቶም ከምዝስዕብ ምምዳብ ይከኣል።

ሀ. ብኣረባብሐኦም፣

ለ. ብኣነባብሮኦም፣

ሐ. ብምንቅስቓሶም፣

መ. በኣመጋግበኦም፣

ሰ. ብመሽፈኒ ሰውነቶም ምምዳብ ይከኣል።

### ሀ) እንስሳት ብኣረባብሐኦም ምምዳብ

እንስሳት ብቐፃልነት ክነብሩ ክራብሑ ኣለዎም። እዚኦም ድማ ብምውላድን እንቁላሊሕ ብምውዳቕን ዝራብሑ ተባሂሎም ኣብ ኽልተ ይምደቡ።

**ንጥፈት** 3.40፦ እዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ እንሰሳት ብምውላድ ወይ እንቁላሊሕ ብምውዳቕ ዝራብሑ ብማለት ፈሊኹም ኣብ ዝዝምልከቶም ምልኡ።

ላሕሚ፣ ደርሆ፣ ርግቢት፣ በጊዕ፣ ኣንጭዋ፣ ሰጎን፣ ጤል፣ ቡኻርያ፣ ድሙ፣ ከልቢ፣ ኣምበሳ፣ ነብሪ።

| ብምውላድ | እንቁላሊሕ ብምውዳቕ |
|---|---|
| | |
| | |
| | |
| | |

### ለ) እንስሳት ብኣነባብሮኦም ምምዳብ

እንስሳት ብኣነባብሮኦም ኣብ ማይ ዝነብሩን ኣብ መሬት ዝነብሩን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ።

**ንጥፈት 3.41፦** እንስሳት ብኣነባብሮኦም በቲ ዝተውሃበ ኣብነት መሰረት ገይርኩም እትፈልጥዎም ፅሓፉ።

| **ኣብ መሬት ዝነብሩ** | **ኣብ ማይ ዝነብሩ** |
|---|---|
| ከልቢ | ዓሳ |
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |

## ሐ. እንስሳት ብመሰረት ምንቅስቓሶም ምምዳብ

እንስሳት ብመሰረትምንቅስቓሶም ብእግሮም ዝስጉሙ፣ ኣብ መሬት ዝሰሓቡ፣ ኣብ ሰማይ ዝበሩን ኣብ ማይ ዝሕምሱን ኢልካ ምምዳብ ይከኣል።

**ንጥፈት 3.42፦** ንዞም ዝስዕቡ እንስሳት ብመሰረት ምንቅስቓሶም ቀፂሉ ኣብዘሎ ሰደቓ ፅሓፉ።

ከልቢ፣ ላሕሚ፣ ሽላ፣ ነብሪ፣ ግመል፣ ጠበቕ፣ ተመን፣ ርግቢት፣ ፅምብላሊዕ፣ ኳኽ፣ ሰብ፣ ሓርገፅ፣ ኣምበሳ፣ ዝብኢ፣ ዓጎራ ምድሪ፣ ማንቲለ፣ ገበል፣ ድሙ፣ ዒፍ መስቀል፣ ፈረስ፣ ዓሳ፣ ጭንቁራዕ፣

| ዝስጉሙ | ዝሰሓቡ | ዝነፍሩ | ዝሕምሱ |
|---|---|---|---|
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |

## መ. እንስሳት ብኣመጋግበኦም ምምዳብ

እንስሳት ብመሰረት ኣመጋግበኦም ኣብ ሰለስተ ይምደቡ።

ንሳቶም እውን፦

- ተመገብቲ ተኽሊ
- ተመገብቲ ስጋ
- ተመገብቲ ስጋን ተኽልን

**ንጥፈት 3.43፦** ነዞም ዝስዕቡ እንስሳት ብመሰረት ኣመጋግበኦም ቀጺሉ ኣብዘሎ ሰደቓ ዕሓፉ።ሰብ፣ ላሕሚ፣ በጊዕ፣ ከልቢ፣ ዝብኢ፣ ማንቲለ፣ ጨል፣ ኣንጭዋ

| ተመገብቲ ተኽሊ | ተመገብቲ ስጋ | ተመገብቲ ስጋን ተኽልን |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

## ረ. እንስሳት ብመሸፈኒ ሰውነቶም ምምዳብ

ዝተፈላለዩ እንስሳት ሰውነቶም ብዝተፈላለየ መሸፈኒ ዝተሸፈነ እዩ። ንሳቶም እውን፦ ብኽንቲት፣ ብፀጉሪ፣ ብቆርበትን ብሓርፋፍ መሸፈንን ዝተሸፈኑ እዮም።

**ንጥፈት 3.44፦** ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ እንስሳት ብመሰረት መሸፈኒ ሰውነቶም ኣብ ሰለስተ መዲብኩም ቀፂሉ ኣብዘሎ ሰደቓ ፅሓፉ።

| ብኽንቲት ዝተሸፈነ | ብፀጉሪ ዝተሸፈነ | ብሓርፋፍ መሸፈኒ ዝተሸፈነ |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

## 3.4.2 ውፅኢት እንስሳት

**ንጥፈት 3.45፦** ካብ እንስሳት እንረኽቦም ረብሓታት ዘርዝሩ።

ካብ እንስሳት ፀባን ውፅኢት ፀባን ንረክብ። ውፅኢት ፀባ ዝበሃሉ ጠስሚ፣ ኣጅቦ፣ ርጉኦ፣ ወዘተ እዮም።

ካብ እንስሳት ቆርበት ንረክብ። ካብ ቆርበት ጃኬት፣ ጫማ፣ ማዕጥቖ፣ ቆቢዕ፣ ቦርሳ፣ ለቖታ፣ ማእሲ፣ ምራን ወዘተ ይስራሕ።

ካብ እንስሳት ፀጉሪ ንረክብ። ካብ ፀጉሪ በጊዕ ኮቦት፣ ጁባ፣ ስረ፣ ኮበርታ ወዘተ ይስራሕ።

- **ክንክን እንስሳት ማሕረስ**

**ንጥፈት 3.46፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ንእንስሳት ማሕረስ ክግበር ዝግብኦ ክንክን እንታይ እዮም?
2. ንክንክን እንስሳት ማሕረስ ዘገልግሉ ናውቲ ዘርዝሩ።

እንስሳት ማሕረስ ኣዝዮም ጠቐምቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዮም። ስለዝኾነ ብጥንቃቐ ክትሓዙ ኣለዎም። ንክንክን እንስሳት ማሕረስ ዘገልገሉ ናውቲ ቡሩሽ፣ ጋብላ፣ መብልዒ ኣብዑርን ዝመሳሰሉ እዮም።

ንእንስሳት ማሕረስ ክግበር ዝግብኦ ክንክን፡-

- ፅሬቶም ምሕላው፣
- ክትትል ሕክምና ምግባር፣
- እኹልን ፅሩይን ማይ ምቕራብ፣
- ዝምገብሉ ናውቲ ብፅሬት ምሓዝ፣
- እኹልን ፅሬቱ ዝሓለወን ምግቢ ምቕራብ፣
- ብኻልኦት እንስሳት ከይውግኡ ምክልኻል፣
- ብእምኒ፣ ወይ ደረቕ ዕንፀይቲ ከይውቅዑ ምክልኻል፣
- ምችውን ፅሬቱ ዝሓለወን ሰፈር ምድላውወዘተ እዮም።

## መልመዲ 3.1

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾነ<u>ሓቂ</u> ትኽክል ንዘይኮነ ድማ <u>ጌጋ</u> ብምባል መልሱ።

1. እንስሳት ይኹኑ ሰባት ብዘይ ሓመድ ክነብሩ ኣይኽእሉን።
2. ውሕጅን ንፋስን መበገሲ ምጉሕጓሕ ሓመድ ኣይኮኑን።
3. ተኽልታት ኣብ ጎቦታትምትካል ሃብቲ ዱር የጠናኽር።
4. መስኮትን በርን ገዛ ዓቒኻ ፈሓም ምንዳድ ኣብ ህይወት ሓደጋ የብፅሕ።
5. ሜትሮ ከም ኣብነት ባህላዊ መዐቀኒ ጌርካ ክውሰድ ይኽእል።

ለ. ነዞምዝስዕቡሕቶታትትኽ ክልዝኾነመልሲምረፁ።

1. ካብዞም ዝስዕቡ ንምክልኻል ምጉሕጓሕ ሓመድ ዝጠቅም ኣየናይ እዩ።

ሀ. ምትካል ተኽሊ ለ. ንቑልቁል ምሕራስ

ሐ. ምቑራፅ ዱር ሐ. ምቅፃል ዱር

2. ካብዞም ዝስዕቡ ሳዕቤን ምቑራፅ ዱር ዝኾነኣየናይ እዩ?

ሀ. ምጉሕጓሕ ሓመድ ለ.ፍልሰት እንስሳ ዱር

ሐ. ውሕጅን ድርቅን መ. ኩሎም መልሲ እዮም

3. መበገሲ ብኽለት ማይ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ፅራግ ገዛን ሕፃብ ኣቑሑን ለ. ትኪ ተሽከርከርቲ

ሐ. ካብ ሽቓቕ ወፃኢ ምፍታን መ.ተረፈ ምህርቲ ፋብሪካ

4. ካብዞም ዝስዕቡ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ማይ ለ. ኣየር ሐ. መኣድን መ. መልሲ የለን

5. ኣብ ልዕሊ መሬት ዘይርከብኣካል ተኽሊ ______ እዩ።

ሀ. ቆፅሊ ለ. ሱር ሐ. ጉንዲ መ. ዕምበባ

6. ካብዞም ዝስዕቡ ክስተት ተፈጥሮ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ቀትርን ለይትን ለ. ሓጋይን ክረምትን

ሐ. ውሕጅን ድርቅን መ. ኩሎም መልሲ እዮም

7. ኣሃድ መለክዒ መጠነኣካልዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ሜትር ለ. ሴንትሜትር

ሐ. ኪሎግራም መ. ሰከንድ

8. ካብዞም ዝስዕቡ ሰብ ሰራሕ ዘይኮነ ምረፁ።

ሀ. ጎማ ለ. ድስቲ ሐ. ጡጥ መ. ብርጭቆ

9. ንዕብየት ተኽልታት ኣድላዪ **ዝኾነ** ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኣየር ለ. ማይ

ሐ. ብርሃን ፀሓይ መ. ኩሎም መልሲ እዮም

10. ኣብነት እንቁላሊሕ መውደኺቲ እንስሳት**ዝኾነ** ኣየናይ እዩ?

ሀ. ዝብኢ ለ. በጊዕ ሐ. ደርሆ መ. ላሕሚ

**ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1) ብምውላድን ብምውዳኽ እንቁላሊሕ ዝራብሑ እንስሳት ፅሓፉ።

2) ብምስጓም፣ ብምስሓብ፣ ብምብራር ዝንቀሳቐሱ እንስሳት ፅሓፉ።

3) ኣብ ሞንጎ ለይትን ቀትርን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ።

4) ሳዕቤን ውሕጅን ድርቅን ግለፁ።

5) ቀንዲ ክፍለ ኣካላት ተኽሊ ፀሓፉ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ወረዳና

## 4.1 መርከቦ ወረዳ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት ተመልክቱ።
- ወረዳኹም ብኣንፃር ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት ትፈልዩ።
- ኣብ ወረዳኹም ዝርከቡ ኣድለይቲ ታሪኻዊ ቦታታት ትፈልዩ።
- ኣብ ወረዳኹም ዝርከቡ ኣድለይቲ ታሪኻዊ ቦታታት ትፈልዩ።

<table><tr><td>

**ንጥፈት 4.1፦** ንዞም ዝስዕቡ ሓፂር መልሲ ብጉጅለ ሰሪሕኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

1. መርከቦእንታይእዩ?
2. ወረዳ እንታይ እዩ?
3. እትነብሩላ ወረዳ መን ትበሃል?

</td></tr></table>

መርከቦ ሓደ ነገር ዝርከበሉን ኣንፈት እንገልፀሉን እዩ።

ብዙሓት ጣብያታት ተጠርኒፈን ዝመስርትኦ ምምሕዳራዊ ከባቢ ወረዳ ይበሃል።

### 4.1.1 ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት


**ንጥፈት 4.2፦ ምፍላይ ኣንፈት**

- ብፅምዲ ኮይንኩም ካብ ክፍሊ ናብደገ ውፁ።
- እቲ ሓደ እንተርኢ እቲ ሓደ ብምስትውዓል ይከታተል።

1. **ቀዳማይ መርኣዩ፥** - የማናይ ኢድካ ናብ ምብራቕ ብምዝርጋሕ ኣንፈታት፥ ምዕራብ፣ ሰሜንን ደቡብን በበይ ከምዘለዉ ኣርኢ።

2. **ካልኣይ መርኣዩ፦**- የማናይ ኢድካ ናብ ምዕራብ ብምዝርጋሕ ኣንፈታት፦- ምብራቕ፣ ሰሜንን ደቡብን በበይ ከምዘሎ ነቲ ፈለማ ዘርኣየካ ኣርእዮ።

ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት ዝበሃሉ ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምብራቕን ምዕራብን እዮም።




*ስእሊ 4.1 ምፍላይ ኣንፈት*

ኣብ ስእሊ 4.1 ዘሎ ቆልዓ ተመልከቱ።

እቲ ቆልዓ ገፁ ናብ ሰሜን ኣንፈት ገይሩ ኣሎ።

ክልተ ኣእዳዉ ናብ ኣንፈት ምብራቕን ምዕራብን ዘርጊሕዎ ኣሎ።

- ብየማኑዘሎኣንፈትምብራቕይበሃል።

  ምብራቕ ፀሓይ እትወፀሉ ኣንፈት እዩ።
- ብፀጋሙዘሎኣንፈትምዕራብ ይበሃል።ምዕራብ ፀሃይ እትዓረበሉ ኣንፈት እዩ።
- ብግምባሩ ዘሎ ኣንፈት ሰሜን ይበሃል።
- ብድሕሪቱዘሎኣንፈትድማ ደቡብ ይበሃል።

**ንጥፈት 4.3፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ንክፍልኩም ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ተምሃሮ ገዛኹም ካብ ቤት ትምህርትኹም በየናይ ኣንፈት ይርከብ?
2. ካብ ገዛኹም ናብ ቤት ትምህርትኹም ንምምፃእ ትጓዓዝሉ ኣንፈት ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

## 4.1.2 መርከቦ ወረዳና

- በዞም ኣርባዕተ ኣንፈታት ኣቢልካ መርከቦ ሓደ ከባቢ ምስ ካልኦት ቦታታት ብምንፅፃር እንትግለፅ ኣንፃራዊ መርከቦ ይበሃል።
- በዚ መሰረት ኣንፃራዊ መርከቦ ሓደ ወረዳ ምስ ካልኦት ወረዳታት እናነፃፀርካ ምግላፅ ይከኣል እዩ።



*ስእሊ 4.2 ኣንፃራዊ መርክቦ*

**ንጥፈት 4.4፦** ስእሊ 4.3 ብምርኣይ ኣንፃራዊ መርክቦ ግለፁ።

ኣብነት፡- እቶም ተምሃሮ ካብቲ ትራፊክ ብኣንፈት ምብራቕ ይርከቡ።

1. እቲ ትራፊክ ካብቶም ተምሃሮ ናበይ ኣንፈት ይርከብ?
2. እቲ ቤት ትምህርቲ ካብታ መኪና ናበይ ኣንፈት ይርከብ?
3. እታ መኪና ካብቲ ቤት ትምህርቲ ናበይ ኣንፈት ትርከብ?
4. መምሃሪ ክፍልኹም ካብ ቢሮ ርእሰ መምህር በየናይ ኣንፈት ይርከብ?
5. ቤት ትምህርትኹም ካብ ምምሕዳር ጣብያ በየናይ ኣንፈት ትርከብ?

### 4.1.3 ኣድለይቲ ታሪኻዊ ቦታታት ወረዳና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ኣብ ወረዳኹም ዝርከቡ ኣድለይቲ ታሪኻዊ ቦታታት ትፈልዩ።

**ንጥፈት 4.5፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ብምይይጥ ሓጺር መልሲ ሃቡ።

1. ታሪኻዊ ቦታ እንታይ ማለትእዩ?
2. ብዛዕባ እትፈጥልዎ ታሪኻዊ ቦታ ወረዳኹም ንክፍልኹም ኣቕርቡ።

ታሪኻዊ ቦታታት ዝበሃሉ፡-

- ነገስታት ይነብርሉ ዝነበረ ቦታ፣
- ሆናት ዝተኻየደሉ ቦታ፣
- ሓድግታት ዝበሃሉ ከም፦ ሓወልቲ፣ መስጊድ፣ ቤተ ክርስትያን ዘለውዎ ቦታ ወዘተ ዘጠቓልል እዩ።

**ንጥፈት 4.6፡-** ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ታሪኻዊ ቦታታት ድሕሪ ምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ስርሑ።

1. እቲ ዝርኣኽምዎ ታሪኻዊ ቦታ ብምስኣል ኣብ ክፍልኹም ኣቕርብዎ።
2. እቲ ቦታ ንምንታይ ታሪኻዊ ከምዝተብሃለ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ብምሕታት ፀብፃብኩም (እቲ ርካብ) ኣብ ክፍልኹም ኣንብብዎ።



*ስእሊ 4.3 ምስማዕ ዛንታ ካብ ወለዲ*

## 4.2 ዓይነታት ቅርፀ መሬት ወረዳና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ቅርፀ መሬት ወረዳኹም ትፈልዩ።
- ዓይነታት ቅርፀ መሬት ትገልፁ።

| |
|---|
| **ንጥፈት 4.7፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡ። |
| 1. ቅርፀ መሬት እንታይ ማለትእዩ? |
| 2. ዓይነታት ቅርፀ መሬት ዘርዝሩ። |

ቅርፀ መሬት በረኸቲ ቦታታት፣ መታሕት፣ ሩባታትን ቃላያትን ሓደ ከባቢ ዘጠቓልል እዩ።

- **በረኸቲ ቦታታት**

ብራኸኦም ካብ 1500 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዝኾኑ በረኸቲ ቦታታት ይበሃሉ።

በረኽቲ ቦታታት ካብ መታሕት ዝበለፀ መጠን ዝናብ ይረኽቡ። ብዙሕ ዝናብ ስለዝረኽቡቦታታት ዝሓሸ መጠን ተኽልታት ዘለዎምን ዝሑላትን እዮም። ኮይኑ ግና በሪኽ ቦታ ፀድፊ ስለዝበዝሐ እቲ ሓመድ ንምጉሕጓሕ ዝተቓለዐ እዩ።

- **መታሕት፡-**

ትሕቲ 1,500 ሜትርፀፍሒ ባሕሪ ብራኸ ዘለዎም ቦታታት መታሕት ይበሃሉ። መብዛሕትኦም መታሕት ቦታታት ሜዳ እዮም።

| |
|---|
| **ንጥፈት 4.8፦ ስራሕ ፕሮጀክት** ጆሶ ወይ ሓመድ ሸክላ ተጠቒምኩም ቅርፀ መሬት ወረዳኹም ዘርኢ ሞዴል ብምስራሕ ናብ ክፍሊ ኣምፂእኹም ተመያየጡ። |

ኣብ በረኽቲ ቦታታት ዝነብሩ ሰባት ዝኸደንዎ ክዳን ርጉድ ዝበለ እዩ። ብራኸ ገዛውቶም እውን ሓፀርቲ እዮም። ኣብ መታሕት ዝነብሩ ሰባት ዝኸደንዎ ክዳን ርቕቕ ዝበለ እዩ። ብራኸ ገዛውቶም እውን ነዋሕቲ እዮም።

| |
|---|
| **ንጥፈት 4.9፦** ኣብ በረኽቲ ቦታታት ረጕድ ክዳን ይኸደኑ፣ ሓፂር ገዛ ይሰርሑ። ኣብ መታሕት ግና ርቕቕ ዝበለ ክዳን ይኸደኑ፣ ንውሕ ዝበለ ገዛ ይሰርሑ። እዚ ንምንታይ ከምዝኾነ ንዓበይቲ ሰባት ብምሕታት ናብ ክፍሊ ፀብፃብኩም ብምቕራብ ተመያየጥሉ። |

## 4.3 ትካላት ወረዳና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ኣብ ወረዳኹም ዝርከቡ ቀንዲ ትካላት ትምዝግቡ።

### 4.3.1 ትካላት

**ንጥፈት** 4.10፦ ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ መልሲ ንመምህር ሃቡ።

1. ትካል እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ትካላት ዘርዝሩ።

ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ዝተወሰኑ ስራሕቲ ንምፍፃም ዝተጣየሹ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ይበሃሉ። ኣብነትቤት ትምህርቲ፣ ጣብያ ጥዕና፣ ወዘተ እዮም።

ኣብ ሓደ ወረዳ ንማሕበረሰብ ግልጋሎት ዝህቡ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣለዉ። ንሳቶም እውን፡-

- መንግስታዊ ትካላት፣
- ዘይመንግስታዊ ትካላትን
- ውልቀ ትካላትን እዮም።

**ንጥፈት 4.11፦** ኣብ ወረዳኹም ዝርከቡ ስም ዝርዝር ትካላት ፅሓፉ። ዝፀሓፍኩምዎምትካላት ድማ በቲኣብሰደቓዘሎ ኣብነትመሰረትመድብዎም።

| መንግስታዊ ትካላት | ዘይመንግስታዊ ትካላት | ውልቀ ትካላት |
|---|---|---|
| 1.ቤትፅሕፈት ፖሊስ<br>.<br>.<br>.<br>. | 1. ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ደደቢት<br>.<br>.<br>.<br>. | 1. መዐደሊ ነዳዲ<br>.<br>.<br>.<br>. |

## 4.3.2 ተግባር ትካላት

### ሀ. ቤት ፅሕፈት ፖሊስ

**ንጥፈት 4.12፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ብጉጅለ ንመምህር ሃቡ።

1. ተግባራት ቤት ፀሕፈት ፖሊስ እንታይ እዩ?
2. ፖሊስ እንተዘይህሉ ኣብ ከባቢኹም እንታይ ዓይነት ፀገም ዝፍጠር ይመስለኩም?




*ስእሊ 4.4 ፖሊሳት ገበነኛ ሒዞም*

ቤት ፅሕፈት ፖሊስ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ተግባራቱ ድማ፡-

- ገበንከይፍፀምይከላኸል፣
- ሕግን ስርዓትን መንግስቲ ንኸሕሎ ይገብር፣
- ፀጥታ ከባቢ ይሕሉ፣
- ገበነኛታት ሒዙ ናብ ቤት ፍርዲ የቕርብ ዝበሉ እዮም።

ስለዚ ማሕበረሰብ ሰላም ረኺቡ ንኽሰርሕን ናብርኡ ብግቡእ ንኽመርሕን ፖሊስ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ።

## ለ. ቤት ፍርዲ

| |
|---|
| **ንጥፈት** 4.13፦ ቤት ፍርዲ እንታይ ማለት እዩ? |

ቤት ፍርዲ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ሕግን ስርዓትን ዘክብር'ዩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ውሳነ ዝህቡ ሰባት ዳያኑ ይበሃሉ።



*ስእሊ 4.5 ክይዲ ፍርዲ*

ቤት ፍርዲ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይፍፅም።

- *ሕግን ደንብን ክኽበር ይገብር፣*
- *ዝቐረበሉ ክሲ መርሚሩ ፍርዲ ይህብ፣*
- *ጥፍኣት ንዝፈፀሙ ብመሰረት ሕጊ ይቐፅዕ፣*
- *ጥፍኣት እንተዘይብሉ ድማ ብነፃ የሰናብት ዝብሉ እዮም።*

| |
|---|
| **ንጥፈት** 4.14፦ ኣብ *ወረዳኹም ዝርከቡ መንግስታዊ፣ ዘይመንግስታውን ውልቀ ትካላትን ንማሕበረሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት ዝፈልጡ ሰባት ብምሕታት ፀብፃብ ንክፍልኩም* ኣቕርቡ። |

## 4.4 ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ወረዳና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ኣብ ወረዳኹም ዘለዉ ቁጠባዊ ንጥፈታት ትምዝግቡ።
- ጥቕሚ ቀንዲ ቁጠባዊ ንጥፈታት የብራህርሁ።
- ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ጠቐምቲ ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ትፅውዑ።
- ስራሕ ንዕብየት ወረዳኹም ኣገዳሲ ምዃኑ ትገልፁ።
- ኣብ ክሊ ዕድመኹም ንስራሕ ግዱሳት ምዃንኩም ተርእዩ።

### 4.4.1 ቁጠባዊ ንጥፈት

**ንጥፈት 4.15፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ብውልቀ ንመምህር ኣቕርቡ።

1. ቁጠባዊ ንጥፈት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ወረዳኹም ዘለዉ ቁጠባዊ ንጥፈታት እንታይ እንታይ እዮም።

ማሕበረሰብ እቶት ንምርካብ ዘካይዶም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ቁጠባዊ ንጥፈታት ይበሃሉ። ኣብነት፡- ሕርሻ፣ ንግዲ ዝበሉ እዮም።

ኣብ ወረዳ ዝተፈላለዩ ቁጠባዊ ንጥፈታት ይካየዱ እዮም። እቶም ንጥፈታት ድማ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት ምምዳብ ይከኣል። ንሳቶም'ውን፡-

- ሕርሻ
- ንግዲ
- መጓዓዝያ
- ኢንዱስትሪ
- እደ ጥበብ ዝበሉ እዮም።

**ንጥፈት 4.16.** ኣብ ወረዳኹም ዘለዉ ቁጠባዊ ንጥፈታት በቲ ኣብ ሰደቓ ዘሎ ኣብነት መሰረት እትፈልጥዎም መደቡ

| ሕርሻ | ንግዲ | መጓዓዝያ | ኢንዱስትሪ | እደ ጥበብ |
|---|---|---|---|---|
| ምርባሕ ደርሆ | ቤት ብልዒ | ታክሲ | ፋብሪካ ስሚንቶ | ማእለማ |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

ዓውደ ስራሕ ረብሓ ቁጠባዊ ንጥፈት ከምዝስዕብ ምግላፅ ይከኣል።

**ሕርሻ**

- ንምግብነትን ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ ነገራት የፍሪ።

**ንግዲ**

- ኣድለይቲ ዝኾኑ ሸቐጣት ንዕዳጋ የቕርብ።

**መጓዓዝያ**

- ሰብን ናውትን ብቐሊሉ ካብ ቦታ ናብ ቦታ የጓዓዕዝ።

**ኢንዱስትሪ**

- ኣድለይቲ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ነገራት ከም ክዳን፣ ዘይቲ፣ ስሚንቶ፣ ቆርቆሮ ፣ ሳሙና ወዘተ የፍሪ።

**እደ ጥበብ**


- ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ገዛን ሕርሻን መሳርሒታት የዳሉ።

**ንጥፈት** 4.17፦ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ሕድሕድ ቁጠባዊ ንጥፈት ክንደይ ዝኣኽሉ ሰባት ከምዝሳተፉ ንዝፈልጡ ሰባት ሓቲትኩም ንኽፍልኹም ኣቕርቡ።


1. ካብ ዘቕረብኩምዎ እቲ ዝለዓለ ህዝቢ ዘሳተፍ ቁጠባዊ ንጥፈት ኣየናይ እዩ?

## 4.4.2 ጠቐምቲ ውፅኢታት ቴክኖሎጅን ግልጋሎቶምን


**ንጥፈት** 4.18፦ ኣብ ወረዳኹም ኣብ ረብሓ ዝወዓሉ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ዘርዝሩ።




*ስእሊ 4.6 ሬድዮ*




*ስእሊ 4.7 ቴሌቪዥን*




*ስእሊ 4.8 ሞባይል ቴሎፎን*



*ስእሊ 4.9 ጀነሬተር*



*ስእሊ 4.10 መስታረሪ*



*ስእሊ 4.11 ቴሌፎን*

**ንጥፈት** 4.19፦ ብዛዕባ ጥቕሚ ቴሌፎን ተመያየጡ እሞ ውፅኢት ምይይጥኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

1. ሞዴል ቴሌፎን ስርሑ።
2. ብመሲልካ ምፅዋት ኣቢልኩም ኣብ ቅድሚ ክፍሊ ብምውፃእ ብቴሌፎን ከመይ ከምትዛረቡ ንክፍሊ ኣርእዩ።

## 4.4.3 ረብሓ ስራሕ ንምዕባለ ወረዳ

**ንጥፈት** 4.20፦ ንምዕባለ ሓንቲ ወረዳ ስራሕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ ትብሉ?

ሓንቲ ወረዳ ክትምዕብል ኣብቲ ወረዳ ዘሎ ሰብ ኩሉ ፈታዊ ስራሕ፣ ግዱስ፣ ትጉህ፣ ብቕንዕና ስርሑ ዝሰርሕ፣ ግዚኡ ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ዘውዕል እንተኾይኑ እዩ።


## 4.4.4 ምሃብ ክብሪ ንኩሉ ዓይነት ስራሕ

**ንጥፈት** 4.21፦ ብጉጅለ ኮይንኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ዓውደ ስራሕቲ ተኻትዑ።

1. *ሓረስታይ'ዶ ይበልፅ ነጋዳይ? ንምንታይ?*
2. *ፖሊስ'ዶ ይበልፅ ሾፌር? ንምንታይ?*

ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንማሕበረሰብ ረብሓ ዝህብ እንተኾይኑ ክቡር እዩ። ዓብይን ንኡሽተይን ዝበሃል ስራሕ የለን። ኩሉ ስራሕ ማዕረ እዩ።

ንኣብነት፡- ሓደ ዶክተር ንማሕበረሰብ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ። ኣብ ስራሕቲ ፅሬት ዝዋፈር ዜጋ'ውን ማዕረ ኣድላይ እዩ። ምኽንያቱ ክልቲኦም ብዝተዋፈርዎ ዓውደ ስራሕ ማሕበረሰብ ጥዕንኡ ክሕሎ ኣስተዋፅኦ ስለዝገብሩ እዮም። ስለዚ ኩሉ ስራሕ ንማሕበረሰብ ኣድላዪ እዩ። ዝነዓቕ ስራሕ የለን።





*ስእሊ 4.12 ተምሃራይ እናፅንዐ* *ስእሊ 4.13 ተምሃሪት ዕዮ ገዛ እናሰርሓት*

**ንጥፈት 4.22፦** ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብውልቀ ሓፂር መልሲ ንመምህር ሃቡ።

1. እንታይ ዓይነት ስራሕ ክህልወኩም ትደልዩ?
2. እቲ እትመርፅዎ ዓይነት ስራሕ ንስድራኹምን ንማሕበረሰብኩምን ዘለዎ ረብሓ ፅሒፍኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

ተምሃሮ ፈተውቲ ስራሕ ክትኮኑ ኣለኩም። ትምህርትኹም እውን ብዝግባእ ክትመሃሩ፣ ክተፅንዑን ዕዮታት ገዛ ብምስራሕ ኩሉሻዕ ንጡፋት ክትኮኑን ኣለኩም።

## መልመዲ 4.1

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾነ<u>ሓቂ</u> ትኽክል ንዘይኮነ ድማ <u>ጌጋ</u> ብምባል መልሱ።

1. ኣንፃራዊ መርክቦ ሓደ ቦታ ኣበይ ከምዝርከብ ንምፍላጥ ይጠቅም።

2. ታሪኻዊ ቦታታት ጥቕሚ የብሎምን።

3. ዓሞቕቲ ቦታታት ብጣዕሚ ዝሑላት እዮም።

4. ኣቀማምጣ ገፀ ምድሪ ኣብ ኩነታት ኣየር ፅዕንቶ የብሉን።

5. ቤት ፍርድን ፖሊስ ጣብያን ዘይመንግስታዊ ትካላት እዮም።

ለ. ኣብ ሀ ንዘለዉ ምስ ኣብ ለ ዘለዉ ኣዛምዱ

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ታሪካዊ ቦታታት | ሀ. ገበን ምክልኻል |
| 2. ፖሊስ ጣብያ | ለ. ተግባሪ ሕጊ |
| 3. ቤት ፍርዲ | ሐ. በዓቲ |
| 4. ዘበናዊ መጓዓዝያ | መ. ሜትሮ |
| 5. ዘበናዊ መዐቀኒ | ሰ. መኪና |

ሐ. ነዞምዝስዕቡሕቶታትትኽክልዝኾነመልሲምረፁ።

1. ካብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ቁጠባዊ ሃፍቲ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ንግዲ ለ. ሕርሻ ሐ. ኢንዱስትሪ መ. ልመና

2. ኣካል ዘመናዊ መጓዓዝያ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኣውቶቡስ ለ. ባቡር ሐ. ኣውሮፕላን መ. ጋሪ

3. ብማሕረስ ዝመሓደሩ ሰባት _______ ይበሃሉ።

ሀ. ሓረስቶት ለ. ነጋዶ ሐ. መምህራን መ. ሓኻይም

4. ካብዞም ዝስዕቡ ቁጠባዊ ንጥፈት ሕርሻ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኢንዱስትሪ ለ. ንግዲ ሐ. እደጥበብ መ. ምርባሕ ደርሁ

5. ብዙሓት ጣብያታት ተጠርኒፈን ዝምስርተኦ ምምሕዳራዊ ከባቢ _______ ይበሃል።

ሀ. ክልል ለ. ዞባ ሐ. ወረዳ መ. ቁሸት

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ውፅኢት ቴክኖሎጂ ካብ ዝበሃሉ ሰለስተ ፅሓፉ።
2. ካብ ታሪኻዊ ቦታታት ትግራይ እትፈልጥዎም ፀሓፉ።
3. እቶም ቀንዲ ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት እንታይ እንታይ እዮም?
4. ኣፈላላይ በረኽቲ ቦታታትን መታሕትን ፀሓፉ።
5. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ መንግስታዊ ትካላት ዘርዝሩ?

# ከባቢያዊ ሳይንስ

# 2ይ ክፍሊ

# መፅሓፍ ተምሃራይ

ዋጋ: ብር 22.19

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ